ኢፕድ ወጋሕታ

4ይ ዓመት ቑፅሪ 43 30 ኅዳር 2016 ዓ.ም ሓሙስ ብር 10.00

# ቐዳምነት ንጎረቤት ሃገራት ትኹረት ዝሃበ ፖሊሲ ወፃኢ ኢትዮጵያ

መሰረት ገብረዮሃንስ

ኢትዮጵያ ካብ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ብቛንቋ ፣ ብባህሊ፣ታሪኽን ብተፈጥሮ ሃፍቲን ርክብ ኣለዋ። ኣብ ኢትዮጵያ ዝካየድ ለውጢ ጎረቤት ሃገራት ብቐጥታ ዝነክእ ‘ዩ። ኢትዮጵያ ምስ ጎረቤት ሃገራት ዘራኽባ ብልምዓት ናይ ባዕሎም ግደ ዘለዎም ረብሓታት ኣለዉ። ሃገርና ኣብዚ እዋን ወደብ ዘይብላ እንትትኸውን ኲሎም ጎሮቤት ሃገራት ግልጋት ወደብ ክህቡ ዝኽእሉ ‘ዮም። ካብዚ ብምልዓል ካብ ጎረቤት ሃገራት ጥቡቅ ምትእስሳር ከምዘለዋ ብምግንዛብ ትኽክለኛ ፖሊሲ ምቕያስ ይግባእ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወፃኢ ኢትዮጵያ ሃገራዊ ድሕነንት ፖሊሲን ስትራቴጅን ሰነድ ከምዝብሎ፤ ሶማልያ ናፃ ካብ ዝወፅትሉ እዋን ጀሚሩ ምስ ኢትዮጵያ ዝነበራ ርክብ ጥቡቕ ከምዘይነበረ ዝፍለጥ ‘ዩ። ኣብ መንጎ ኽልቲኣን ሃገራት ሓደ ግዘ ንእሽተይ ሓደ ግዜ ድማ ዓብይ ኹናት ከምዝተኻየደ ዝፍለጥ ‘ዩ። ብወገን ሶማልያ ናይ ዓባይ ሶማልያ ፅገም ምስ ኹሉ ጎረቤታ ብፍላይ ምስ ኢትዮጵያ ዘቀሓሕራ ዝነበረ ጉዳይ ‘ዩ። ምስ እዚ ተተሓሒዙ ሶማልያ ኹልግዜ ፀረ ኢትዮጵያ ምስ ዝኾኑ ወገናት ብምስላፍ ሰላም ኢትዮጵያ ክትህውኽ ፀኒሓ ‘ያ። ኢትዮጵያ ካብ ሶማልያ ኾነ ካብ ካልኦት ብዝፍልፍሉ ስግኣት እናተቓለዐት ፀኒሓ ‘ያ።

ኣብዚ ኸዚ ኩነታት ተቐያይሮም ‘ዮም ዝብሉ ሰነዳት፤ ናይ ዓባይ ሶማልያ ርእዮተ-ዓለም ከሲሩ ‘ዩ። ሶማልያ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመት መንግስቲ ኣልቦ ኾይና ‘ያ። ኾይኑ ግና ድኽመት ሶማልያ ዝፈጠሮ ስግኣት ኣሎ። ንኣኽረርትን ራዕዳውያንን ከም መናሃርያ ንክተገልግል ኣጋጣሚ ፈጢሩ ‘ዩ። ዝተፈላላዩ ፀረ ሰላም ሓይልታት ከም መልዓልን ማእኸል መመላለሲ እናተጠቐሙ ናይ ኢትዮጵያ ሰላም ንምህዋኽ ዝፅዕር ኩነታት ተፈጢሩ ‘ዩ። ኣብ ሶማልያ ምብትታንን ኣብ ሃገርና ሰላም ቀጥተኛ ሓደጋ ከምዝኾነ የብርህ።

ኢትዮጵያ ሶማልያ ሰላማ ዝተረጋገፀ፣ዲሞክረሲ ንክሰፍን፣ ኣብ መንጎ

ቐዳምነት ንጎረቤት.... ገፅ 6





ዶ/ር ኪሮስ ጉዕሽ

## ክልተ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚልዮን ተምሃራይ ናብ ማኣዲ ትምህርቲ ክኸትት ትፅቢት ይግበር

ገፅ 7

## ኣብ ክልላት ትግራይን ኣምሓራን ኣብ ወርሒ ጥሪ ሃገራዊ መድረኽ ምኽክር ክካየድ ‘ዩ

ኣብርሃ ሓጎስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልላት ትግራይን ኣምሓራን ናይ ምኽክር ስራሕቲ ምስተኻየዱ ዋና ጉባኤ ሃገራዊ ምኽክር ኣብ መፃኢ ወርሒ ጥሪ ከምዝካየድ ብሄራዊ ምኽክር ኮሚሽን ኣፍሊጡ። ኣብ ክልል ሲዳማ ንተኸታተልቲ 7 መዓልታት ክካየድ ዝቐነየ ናይ ምኽክር ምዕራፍ ኣጀንዳ ምእካብ ብቐድሚ ትማሊ ተዛዚሙ።

ዋና ኮሚሽነር ሃገራዊ ምኽክር ኮሚሽን መስፈን ኣርኣያ (ፕ/ር) ኣብ መዛዘሚ መድረኽ ምኽክር ኣጀንዳ ኣብ ክልል ሲዳማ ከምዝገለፅዎ፤ ኣብ ክልላት ትግራይን ኣምሓራን ዝካየድ ክልላዊ ስራሕቲ ምኽክር ምስተኻየዱ እቲ ዋና ሃገራዊ ጉባኤ ምኽክር ኣብ ዝመፅእ ዓመት ኣብ ወርሒ ጥሪ ክካየድ ‘ዩ።

ኣብዚ ሕዚ እዋን እቲ ኮሚሽን ኣብ ክልላት ኣጀንዳ ናይ ምእካብ ምዕራፍ ምኽክር የካይድ ከምዘሎ ብምጥቃም፤ ካብዝተኣከቡ ኣጀንዳታት እቶም ቐንዲ ዝኾኑ ሓሳባት ተመሪፆም ኣብቲ ዋና ሃገራዊ ጉባኤ ምኽክር ከምዝግበረሎም ኣማላኺቶም።

ኣብ ክልሳት ... ገፅ 6


መስፈን ኣርኣያ (ፕ/ር)

## ስያመ ሓሙሽቲኣን መዓልታት ጳጉሜን!!

- ጳጉሜን 1 መዓልቲ ምስጋር
- ጳጉሜን 2 መዓልቲ ሪፎርም
- ጳጉሜን 3 መዓልቲ ሉዓላዊነት
- ጳጉሜን 4 መዓልቲ ሕብሪ
- ጳጉሜን 5 መዓልቲ ፅባሕ

ናይ 2016 ዓ.ም ሓሙሽቲኣን መዓልታት ጳጉሜን ብብርኪ ሃገር ብዝተፍላለዩ ስያመታት ንምኽባር ስራሕቲ ቅድመ ምድላው ምዝዛሙ ሚኒስትር ዴኤታ ኣገልግሎት መንግስቲ ኮሙዩኒኬሽን ከበደ ዴሲሳ ኣፍሊጦም።

ሚኒስትር ዴኤታ ኣይተ ከበደ ደሲሳ ኣብ ዝሃብዎ ጋዜጣዊ መግለፂ ከምዝገለፅዎ፤ ሓሙሽቲኣን መዓልታት ጳጉሜን ሓድነት ዘበርትዑ ሰናይ ተግባራት ንምሕላፍ ምትላሙ ገሊፆም።

ሓሙሽቲኦም መዓልትታት ጳጉሜን ኣብ ኩለን ክልላትን ምምሕዳር ከተማታትን፣ ትካላት ፌደራል፣ ኣብ ወፃኢ ሃገራት ዝርከቡ ናይታ ሃገር ቤት ፅሕፈት ቆንስላት ብሕብረተሰብ ብድምቐት ከምዝኽበሩ ተማላኺቱ።

ኣብ ዝሓለፉ ናይ ለውጢ ዓመታት መዓልታት ጳጉሜን ንሓድነትን ምትሕግጋዝን ዜጋታት ብዘጉልሕ መንገዲ ብድምቐት ይኽበር ምንባሩ ዝዝከር ‘ዩ።

‹‹ራእይና ዘበልፀገት ኢትዮጵያ፣ ዘይትልምን ኢትዮጵያ ዝተኸበረትን ዝተፈርሐትን ኢትዮጵያ ምፍጣር ‘ዩ››

- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ (ዶ/ር)

ገፅ 4

“ቱሪዝም ትግራይ ክዓቢ እንተኾይኑ ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት ክሳተፉ ክኽእሉ ኣለዎም”

- መምህር ኣማኑኤል ኣብርሃ

ገፅ 5

ወጋሕታ ዜና

# ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ፋውንዴሽን ቢልን ሜሊንዳን ጌትስ ንዝገብሮ ድጋፍ ምስጋና ኣቕሪቦም

**በሪሁ ኣረጋ**



ኣዲስ ኣበባ፡- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር) ፋውንዴሽን ቢልን ሜሊንዳን ጌትስ ንኢትዮጵያ ንዝገብሮ ድጋፍ ምስጋና ኣቕሪቦም።

እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብ ማሕበራዊ ምትእስሳር ገፆም ኣብ ዘመሓላለፉዎ መልእኽቲ ቢል ጌትስ ድሕሪ 2010 ዓመተ ምህረት ንኻልኣይ ግዜ እንኳዕ ናብታ ምድረ ቐዳሞት ኢትዮጵያ መፃእኹም ይብል ኢሎም። ፋውንዴሽን ቢልን ሜሊንዳን ጌትስ ኣብ ግብርና፣ ጥዕናን ዘፈር ፋይናንስን ሓቛፋይ ንምግባር ኣብ ዝግበሩ ፃዕርታት ንዝገብረልና ዘይተቋረፀ ድጋፍ ኣዚና ነመስግን ክብሉ ገሊፆም።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር) እቲ ናይ ሎማዓንቲ ኣብ ልምዓት ክላስተር ስርናይን ምርባሕ ደርሆን ዘድሃበ ዑደት ኢትዮጵያ ብምግቢ ዓርሳ ብናይ ምኽኣል ፃዕሪ መንገዳ ኣፅኒዓ ኣብ ትርከበሉ እዋን ነቲ ዝተጠናኸረ ምትሕብባርና ብዝበለፀ ዘጠናኽር 'ዩ ኢሎም።

ምስ ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ኦሮሚያ ኣይተ ሽመልስ ኣብዲሳ ብምኳን 'ውን ዓበይቲ መርኣያ ኢትዮጵያ ብምግቢ ዓርሳ ንምኽኣል ትገብሮ ፃዕሪ ንዝኾኑ ብክላስተር ኣብ ዝለምዐ ስርናይ ኣብ ዞባ ምብራቕ ሸዋ ወረዳ ዱግዳን ኢሉ 'ውን ማእኸል ምርባሕ ደርሆ ጉጅለ ኢንቨስትመንት ኣዳማን ዑደት ገይርና።

ቐዳማይ ዕላማ ዑደት ቢል ጌትስ ዕብየት ከም ግብርና፣ ጥዕናን ሓቛፋይነት ፋይናንስን ዝበሉ ቑልፊ ሴክተራት ኢትዮጵያን እቲ ሰፊሕ ህዝባዊ ኣጀንዳ ዲጂታል መሰረተ ልምዓትን ብዕምቀት ብምምልካት ሓፈሻዊ ግንዛበ ምጭባጥ 'ዩ።

ድሕሪ 2010 ዓመተ ምህረት እቲ ፋውንዴሽን ንዘላቒ ዕብየትን ውሕስነት ምግብን ዝሕግዝ ኢንቨስትመንት ኣብ ኢትዮጵያ ንስራሕቲ ግብርና ብምድጋፍ ከምዘካየደ ካብ ቤት ፅሕፈት ቀዳማይ ሚኒስትር ዝተረኸበ መረዳእታ የመላኽት።

# ህዝባዊ በዓላት ኣብ ፍልፍል ቱሪዝም ዘለዎም ግደ ብግቡእ ንምጥቃም ብትኹረት ክስራሕ ይግባእ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- በዓላት ኣዳባባይ ቱሪዝም ንምዕባይ ዘለዎም ኣወንታዊ ኣስተዋፅኦ ብግቡእ ብምርዳእ ፍልፍል ቱሪዝም ንምግባር ቕላሕታ ሂብካ ምስራሕ የድሊ ክብሉ ኣብ ዩኒቨርስቲ ዓዲግራት ናይ ኣርኬሎጂ ቕርሲ ምምሕዳርን ተመራማሪን መምህር ኣማኑኤል ኣብርሃ ገሊፆም።

መምህር ኣማኑኤል ኣብርሃ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብዝነበሮም ፃኒሕት ከምዝገለፅዎ፤ ኣብ ኣዳባባይ ዝኽበሩ ባህላዊን መንፈሳውን በዓላት ህዝቢ ንህዝቢ ኣብ ምጥንኻር ካብዘለዎም ትርጉም ብተወሳኺ ብምልክዕ ቱሪዚም ፍልፍል እቶት ምግባር ይከኣል 'ዩ።

ከም ገለፃ እቶም መምህር፣ ኣብ ኣዳባባይ ዝበዓሉ በዓላት፣ ቱሪዝም ንምዕባይ ዘለዎም ዓቕሚ ልዑል ዋላ ይኹን ክሳብ ሕዚ ብዝግባእ ኣይተሰርሐሎምን። ሃፍቲ ቱሪዝም ንዓለም ብግቡእ ብምፍላጥን ብምልላይን ካብ ቱሪዝም ጥራሕ ልዑል እቶት ምርካብ ይከኣል 'ዩ።

ካብ ኢትዮጵያ ንላዕሊ ሃፍቲ ቕርሲ ይኹን ምቹው ኩነታት ኣየር ዘይብለን ብዙሓት ሃገራት ኣብዚ ዓውዲ እዚ ብዝግባእ ብምንጣፈን ብዙሓት በፃሕቲ ዓዲ ክስሕባ ከምዝረኣያ ዝገለፁ መምህር ኣማኑኤል፤ ሃገርና ኢትዮጵያ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ብዕቱብ እንተሰሪሓ እቶም ፀጋታት ፍልፍል እቶት ምግባር ከምዝከኣል ገሊፆም።

ኣብዚ ሴክተር ቕላሕታ ሂበን ዝሰርሓ ሃገራት ዘይነዓቕ እቶት ብምርካብ ዜጋታተን እናጠቐማ 'የን ዝበሉ መምህር ኣማኑኤል፤ ሃገርና ኢትዮጵያ ብርክት ዝበሉ ሃፍቲ ቱሪዝም ዋላ እንተሃለውዋ ኮይኑ ግና ግቡእ ቕላሕታ ሂባ ብዘይምስራሓ ተረባሒት ከትኾውን ኣይከኣላትን ኢሎም።

ኣብ ኢትዮጵያ ብዓቕሚ ቱሪዝም ክልል ትግራይ ብቀዳምነት እትጥቐስ ክልል 'ያ፤ ብዙሓት ተፈጥሯዊን ባህላውን ዓቕሚ ቱሪዝም ኣለዋ፤ ኮይኑ ግና ክስራሕ ዝግበኦ ብዝግባእ ብዘይምስርሑ ቱሪስት ብምስሓብ ናብ ረብሓ ከንቕይሮ ኣይከኣልናን ክብሉ ተዛሪቦም።

ብፍላይ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ዝበዓሉ ከም ኣሸንዳ፣ ኢሉ 'ውን ኣብ ወርሒ መስከረም ዝበዓሉ ከም መስቐል ዝበሉ ናይ ኣዳባባይ በዓላት ቱሪስት ብዝስሕብ ደረጃ ብምስራሕ ከንጥቐመሉ ይግባእ ኢሎም ምምህር ኣማኑኤል።

እዞም ሃይማኖታውን ባህላውን ትሕዝቶ ዘለዎም ናይ ኣዳባባይ በዓላት ዘይነዓቕ ዓቕሚ ፍልፍል ቱሪዝም ስለዘለዎም ብግቡእ እንተተሰሪሕሎም ብዝግባእ ናብ ረብሓ ምቕያር ከምዝከኣል ብምግላፅ፤ ኮይኑ ግና ክሳብ ሕዚ ብመንፅር ዘለዎም ሃፍቲ ቱሪዝም ገና ናብ ጥቕሚ ዘይተቐየሩ ፀጋታት ከምዝኾኑ ወሲኾም ኣረዲኦም።

እዞም ፀጋታት ቱሪዝም መጀመርታ ባሕላዊን ሃይማኖታውን ትሕዝተኦም ብዝሓለወ መልክዑ ክኽበሩ ከምዘለዋም ዝተዛረቡ መምህር ኣማኑኤል፤ ናይ መጀመርታ ታሪኻዊ ትሕዝተኦም ከይጠፍእ ብኻልኦት ናይ ደገ ባህልታት ከይብከሉ ጥንቓቐ ምግባር የድልይ ክብሉ ኣገንዚቦም።

እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ እዞም ፍልፍል ቱሪዝም ዝኾኑ ሃፍቲታት ንማሕበረሰብ ዓለም ብዝግባእ ኣብ ምፍላጥ ቕላሕታ ሂብካ ክስረሓሉ ኣለዎ፤ ብመንፅር ንዓለም ብምፍላጥ፣ መባፅሒ ቱሪስት ብምልማዕ፣ ቴክኖሎጂ ኣብ ምጥቃም ብሰፊሑ ብምስራሕ ቱሪስት ምስሓብ ይግባእ ክብሉ መኺሮም።

ሃገርና ብዙሓት ህዝባዊ በዓላትን ኣለውዋ፤ እቶም በዓላት ንበፃሕቲ ዓዲ ሰሓብቲ ክኾኑ ብዝግባእ ምስራሕ የድሊ፤ እዚ ማለት መዳረግቲ ኣካላት ተናቢቦም ብምስራሕ እዞም ህዝባዊ በዓላት ፍልፍል እቶት ንምግባር ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ኣበርቲዖም ክሰርሑ ይግባእ ክብሉ ምዒዶም።

ቱሪስት ንምስሓብ መጀመርታ ሰላም ምስፋን፣ እቶም ፀጋታት ብኣግባቡ ንዓለም ማሕበረሰብ ምልላይ፣ ንቱሪስትታት ብዝምጥን መልክዑ መዘናግዒ ቦታታት ምስፍሕፋሕን ብሓፈሻ ንበፃሕቲ ዓዲ ምቹው ኩነታት ምፍጣር የድሊ ክብሉ ተዛሪቦም።

እዚ እንተተገይሩ ዓውዲ ቱሪዝም ዝያዳ ክዓቢ ስለ ዝኽእል ኣብታ ሃገር ኣጋጢሙ ዘሎ ሕፅረት ሸርፊ ወፃኢ ኣብ ምቕላል፣ቑፅሪ ስራሕ ስእነት ኣብ ምቕናስ ብሓፈሻ ኢኮኖሚ ሃገር ኣብ ምድንፋዕ ርኡይ ለውጢ ምምፃእ ከምዝከኣል ወሲኾም ተዛሪቦም።

# ስርዓት ትምህርቲ ንሓድነት ሃገር ዘለዎ ኣበርክቶ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**



**ትንታነ- ዜና**

ኣብዚ ሰሙን ኣብ ዝተኻየደ መበል 33 ሃገርለኸ ናይ ትምህርቲ ጉባኤ ሚኒስትር ትምህርቲ ፕሮፌሰር ብርሃኑ ነጋ ኣብ ትምህርቲ ሴክተር ካብ ታሕቲ ጀሚሮም ዝሰርሑ ስራሕቲ ፅሬት ዘለዎም ንምግባር ከምዝግባእ ኣልዒሎም 'ዮም። እዚ ምግባር እንድሕር ተኻኢሉ መፃኢ ግዜ ምቕፃል ዝኽእሉ ወለዶ ምፍጣር ከምዝካኣል ኣብሪሆም።

ንምኳኑ ኣብ ትካላት ትምህርቲ ተቐሪዮም ዝወፁ ተማሃሮ ዝሓሸ ኣመለካከት ንክህልዎም ሃገራዊ ሓድነት ዘየወላውል ቅዋም ንክህልዎም ስርዓት ትምህርቲ ዘለዎ ግደ ከሳብ ክንደይ 'ዩ?

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሃረማያ ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ስነባህሪ ዲን ዝኾኑ ጣሰው መዝገቡ (ዶ/ር) ስርዓት ትምህርቲ እንትቕረፅ ብዋናነት ትኹረት ዝግበረሉ ሓቢርካ ምንባር ፣ ብዙሃንነት ምኪታትን ሓድነት ንክህልዎም ምግባር 'ዩ ይብሉ።

መልዓሊ ሓሳብ ስርዓት ትምህርቲ ካብ ፍልስፍናን ዘፈር ማሕበረሰብ ከምዝኾነ ዝገልፁ ጣሰው(ዶ/ር) ሃገራዊ ስርዓት ትምህርቲ ብዋናነት ኣብ ባህሊ ህዝቢ ተምርኪዙ ከምዝቕረፅ የልዕሉ።

ስርዓት ትምህርቲ ፅልኢት ዘወገደ ሓቢርካ ምንባር ዘበረታትዕ ክኾን ከምዘለዎ ድሕሪ ምግላጽ፤ ብዓለም ለኸ ብርኪ ዝፀደቐ ዕላማ ትምህርቲ ንምፍላጥ፤ ንምስራሕ ከምኡ 'ውን ሓቢርካ ብምንባር ዝድግፍ ከምዝኾኑ የረድኡ። ስርዓት ትምህርቲ እንትቕረፅ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ሓሳባት ዘካተተ ክኾን ከምዝግባእ ናይቲ ስርዓት ሓሳብ ባዕሉ ሓቢሩ ምህላው፣ ሃገራዊ ሓድነት መሰረት ዝገበረ ክኾን ከምዝግባእ ይገልፁ።

ኣብ ስርዓት ትምህርቲ ውሽጢ ተምሃሮ ቋንቋ፣ ሓለዋ ኸባቢ፣ ስነ ምግባር እንትማሃሩ ኣብ ውሽጡ ሓባራወነት ሓሳብ ንክንፀባረቕ ክግበር ይግባእ ዝብል ጣሰው(ዶ/ር) ኣብዚ ሓድሽ ስርዓተ ትምህርቲ ቅድም ኢሉ ዝነበረ ስርዓት ትምህርቲ ዘሎ ኣፈላላይ ብምሕዳግ ሃገራዊ ሓድነት ትኹረት ዝገብሮ ትሕዝቶ ከውሳኽ ኣለዎ ይብሉ።

ስነምግባር፣ ኸባቢ ሓለዋ ትምህርቲ ውሽጢ ሃገራዊ ረብሓታት ዘለዎምን ሓድነት ዘጠናኽሩ ትሕዝቶ ክውሰኹ ከምዘለዎም ድሕሪ ምግላፅ፤ ካብ ታሕቲ ጀሚሩ ኣብ ህፃናት ዝተሰርሐን ኣብ ሓድነት ዘተኮረ ትምህርቲ፣ ረብሕኡ ድማ ሓድሽ ስርዓት ሃገራዊ ሓድነት ብዘረክብ መልክዑ ተግባራዊ ምግባር ይግባእ ኢሎም።

ከም ሃገር ምርድዳእ ዝፍጠረሉ ዝግባእ ጉዳይ ሃገር ናይ ኹላትና እያ ዝብሉ ጣሰው (ዶ/ር)፤ ኣብ ስርዓት ትምህርቲ 'ውን ምፍልላይ እንተይኾነስ ሃገራዊ ሓድነት ዘጠናኽሩ ፅንሰሓሳብ ብምውሳኽ ክስራሕ ከምዘለዎ ይገልፁ።

ከም ሃገር ትምህርቲ ብሰፊሕ ተበፃሒ ንምግባር ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ክፍተት ፅሬት ከምዝተፈጠሩ ዝገልፁ ጣሰው(ዶ/ር)፤ ተምሃሮ ኣብ ከይዲ ትምህርቲ ምንባብ፣ ምፅሓፍን ምሕሳብ ፈሊጦም ንቕድሚት ኣብ ዝኸድሉ ኩነታት ክፍተት ከምዝከበሩ የረድኡ።

ቀልዑ ምንባብ፣ ምፅሓፍን ምሕሳብን እንድሕር ኺኢሎም ዝርደኦ ወለዶ ምፍጣር ከምዝካኣል ድሕሪ ምጥቃስ ፣ ዝርዳእ ወለዶ ምፍጣር እንድሕር ተኻኢሉ ሃገራዊ ሓድነት ኣብ ከይዲ ምምፃእ ይካኣል 'ዩ ክብሉ ይገልፁ።

ኣብ ሓደ ሃገር ውሽጢ ሓድነት ንምምፃእ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ውሽጢ ዓብይ ግደ ኣለዎ ዝብሉ ድማ ኣብ ወላይታ ሶዶ ዩኒቨርሲቲ ኣብ ትምህርትን ስነባህርን ኮሌጅ ናይ ትምህርቲ ኣመራርሓ መምህር ደምሴ ዳለሎ(ዶ/ር) 'ዮም። ትምህርቲ ዓለምለኸ ትሕዝቶ ዘሎ ሀገር በቀልን ዓለምለኸ ፍልጠት ሳይንሳውን ርክባት ዘለዉዎ ከምዝኾነ ድሕሪ ምጥቃስ፤ ቴክኖሎጂን መፅናዕትን ተጠናኺሮም ኣብ ስርዓት ትምህርቲ ተደራጅዮም ወለዶ ዝቅረፀሉ መሳርሒ ከምዝኾነ ይገልፁ።

ኣብ ስርዓት ትምህርቲ ዓለምለኸን ሃገራዊ ሓሳብ ኣጠዓዒምካ ምኻድ የድሊ፤ ስርዓት ትምህርቲ ሃገራዊ ሓድነትን ኣብ ምምፃእ ዓብይ ግደ ይፃወት 'ዩ ክብሉ የረድኡ።

ትምህርቲ ዝተምሃረ ፣ዝሰልጠነ ፣ኣእምርኡ ዝበልፀገ፣ ባዕሉን ምንነቱን፣ ኸባቢኡ፣ ኣህጉር ዓለምለኸ ኣካይዳ ዝፈልጥ ዜጋ ንምፍራይ ከምዘኽእል ድሕሪ ምጥቃስ፤ ብምኽንያት ዝውስን ፣ዝሓስብ ፣ማሕበረሰብ መሰረት ዝገበረ እቲ ሓሳብ ንወለዶ እነስረፀሉ መሰረታዊ ጉዳይ ከምዝኾነ ይገልፁ። ስርዓት ትምህርቲ ሃገራዊ ሓድነት ንምምፃእ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ውሽጢ ወሳኒ ግደ ከምዘለዎን ምሕሳብ ፣ምስልሳል ዝኽእል ወለዶ እንተነፍሪ ሃገራዊ ግደ ብፅቡቕ ይዋፃእ 'ዩ ይብሉ።

ሕድሕድ ዜጋ ዓቕሙ ፣ፀግኡ ፣ኣብ ሃገሩ ዘሎ እጃም እንትፈልጥ ንሃገራዊ ሓድነት ዘለዎ ግደ ዓብይ ከምዝኾነ ድሕሪ ምግላፅ እዚ ወለዶ ዓርሰ ፈታዊ ካብ ምዃን ኣመለኻኸታ ከውፅኡ ዝኽእል ትምህርቲ 'ዩ ክብሉ ይገልፁ። ባዕልኻ ኸባቢኻ ናይ ባዕልኻ ታሪኽ ምፍላጥን ካልኦትን ምኽባር፣ ሃገር በቀል ፍልጠት ምርዳእ፣ ዓለምለኸ ፍልጠት ምፍራይ ካብ ወለዶ ትፅቢት ከምዝግበር ድሕሪ ምግላፅ ካብ ውዝግብ ኣመላኻኽታ ዝወፀ ዜጋ ንምፍራይ ግደ ትምህርቲ ዓብይ ከምዝኾነ የረድኡ።

ስርዓት ትምህርቲ ንሃገራዊ ሓድነት ፣ንኢኮኖሚ ብልፅግና ግቡእ ግደ ንክፃወት ናይ መምህራን ስልጠና ጠንካራ ክኾን ይግባእ ክብሉ ደምሴ(ዶ/ር) ይገልፁ። ኣብ ስርዓት ትምህርቲ ዝነበረ ጣልቃ ኣታውነት ፖለቲከኛታት ዝተመሓየሸ እንተኾነ ኸዚ 'ውን ክእረም ከምዝግባእ፤ ትምህርቲ ብፍልጠት ብቻ ዝምራሕ ብምኳኑ ኣብ መሓውር ፍተሻ ብምግባር ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት ንቕድሚት ምምፃእ ከምዘድሊ ይዛረቡ።

እቲ ሓዱሽ ትምህርትን ስልጠናን ስርዓተ ትምህርትን ኣወሃህባ ፈተና ምምሕያሽ እንድሕር ተኻኢሉ ትምህርቲ ንሃገራዊ ሓድነት ዘለዎ ግደ ምዕባይ ከምዝካኣል ድሕሪ ምግላፅ ፤ ኣብ ስርዓት ትምህርቲ ውሽጢ ተሓታትነት ክሰፍን ከምዝግባእ የመልክት።

ትርክት ድሕሪ ምእራሙ ወለዶ ብዘምህር መልክዑ ተቐሪፁ ናብ ታሕቲ ክወርድ ከምዝግባእ ድሕሪ ምግላፅ፤ እቲ ወለዶ ታሪኽ ምፍላጥ፣ ምእራም ዘለዎ ስሕተት ምእራም ምምሃር የድሊ ይብሉ። ዓቕሚ ዘለዎም ናይ ትምህርቲ ኣመራርሓ ብትኽክለኛ ቦታ ምቕማጥ ጠቓሚ ከምዝሓነ ድሕሪ ምግላፅ ብፖሊሲ ብርኪ ናይ ማሕበረሰብ ተሳትፎ ምዕባይ ከምዘድሊ ይመኽሩ። ኣብ መወዳእታ ስርዓት ፅሬት ሃገራዊ ሓድነት ንክምፅእ ዃሎም መዳርግቲ ኣካላት ግዲኦም ክፃወቱ ይግባእ ኢሎም።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ባህጊ ህዝቢ ትግራይ ሰላምን ልምዓትን'ዩ

ሰላምን ልምዓትን ድሌትን ባህግን ዝኾነ ህዝቢ ዓለም 'ዩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ህዝቢ ትግራይ ድማ ብፍላይ ኣብ ሐዚ እዋን ዘድልዮን ሰላም፣ልምዓት ሰናይ ምምሕዳርን ቅሳነትን ራህዋን ምዃኑ ዝኾነ ፖለቲካዊ ሓይሊና ልሂቅን ክርዳእ ይግባእ።

ኣብ ትግራይ ንኽልተ ዓመታት ዝተኻየደ ኹናት ብውዕሊ ሰላም ፕሪቶሪያ ጠጠው ካብ ዝብል ክልተ ዓመት ክመልእ ሒደት ኣዋርሕ ይተርፍኦ ኣለዋ። ኣብዚ እዋን እዚ ህዝቢ ትግራይ ኣንፃራዊ ሰላም ረኺቡ ናብ ንቡር ናብራ ንክምለስ ዕድል ረኺቡ'ዩ።

ብመሰረት እቲ ስምምዕነት መንግስቲ ፌደራል ግልጋሎት ባንኪ፣መገዲ ኣየር፣ትምህርቲ፣ጥዕና መብራህትን ስልኪን ካልኦትን ንህዝቢ መሰረታዊ ግልጋሎት ዝውዕላ ኣቕሪቡ፤ማህበራዊን ኢኮኖሚያዊ ምንቅስቓስ ክልል ትግራይ ናብ ዝሓሰ ኹነታት ንክመፅእ ተገይሩ። ድሕሪ ውዕሊ ፕሪቶሪያ ህዝባዊን ሃይማኖታዊን በዓላት በድሙቕ ፅንብል ዝኸበሩሉ ምቹው ኹነታት ተፈጢሩ። እዚ ድማ ህዝቢ ትግራይ ባህጉን ድሌቱን ሐዚ'ውን ሰላምን ልምዓትን ምዃኑ ምርዳእ ይከኣል።

ዋላ'ኳ ባህግን ድሌትን ህዝቢ ትግራይ ሰላምን ልምዓትን እንተኾነ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ መንጎ መራሕቲ ህወሓት ዝተፈጠረ ናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ንቲ ህዝቢ ኣብ ስግኣት ኣእቲይዎ ኣሎ። ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ንቡርን ዘሎን እንተኾነ'ኳ ኣብ ኣፈታትሓ እቲ ፀገም ጎንፂ እንተተፈጢሩ ሰላምን ድሕነትን ህዝቢ ናብ ፀገም ንኸእቱ ስለዝግበር ዓብይ ጥንቃቐ ምግባር የድሊ።

ኣብ መንጎ ፖለቲከኛታት ዝፍጠር ናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ዳኛ ኾይኑ ብመረፃ ዝዳንይ ህዝቢ'ዩ። ኮይኑ ግና እዋን መረፃ ስጋብ ዝበፅሕ ህዝቢ ሰላም ክስእን የብሉን። ኣብ ስጋኣት ክወድቕ ኣይግበኦን። ስልጡን ኣካይዳ ብምኽታል ምፍታሕ ግድን ይኸውን።

ኣብ ሞንጎ ሓደ ውድብ ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ስለተፈጠረ ፖለቲከኛታት ማሕበራዊን ልምዓታዊ ስራሕቲ ገዲፎም ደገፍቶም ንምእካብ ሙሉእ ግዜኦም ክጥፍኡ ኣይግባእን። ምኽንያቱ መንግስታዊ ስራሕቲ ጠጠው ኣይብሉን። ህዝቢ ድማ ግልጋሎት ክረክብ ግድን'ዩ፡

ብዝኾነ መዐቐኒ ንፖለቲካዊ ረብሓ ክብሃል ሰላምን ልምዓትን ህዝቢ ናብ ዋጋ ዕዳጋ ክቐርብ የብሉን። ኣብ መንግስታዊ ስራሕ ዝተዋፈረ ዝኾ ሰብ ፖለቲካዊ ውግንናኡ ብዘየገድስ ንህዝቢ ግቡእ ግልጋሎት ክህብ ግድን'ዩ። ካብዚ ወፃኢ ንፖለቲካዊ ሸርሒ ኢሉ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ በደል ዝፍፅምን ስራሕቲ ዘበላሽውን እንተኾይኑ ግና ጌጋ ይፍፅም ስለዘሎ መምሃራይ ዝኾነ ሕጋዊ ስጉምቲ ክውሰደሉ ይግባእ። ምኽንያቱ ኣንፃር ባህጊን ድሌትን ህዝቢ ጠጠው ስለዝበለ።

ህዝቢ ትግራይ ፃዕራምን ፀዋርን ህዝቢ እንተኾነ'ኳ ሰላም ተዘይሃልዩ ግና ተጎዳኢ'ዩ። እዚ ርሑቕ ከይከድና ኣብ ዝሓለፈ እዋን ኹናት ዝነበረ ኹነታት ብምዝኽኻር ምርዳእ ይግባእ። ስለዚ ህዝቢ ትግራይ ውሽጣዊ ኾነ ደጋዊ ጎንፂ ዘተኣናግደሉ ኹነታት ሐዚ የለን፤ክህልው'ውን ኣይግባእን። ስለዚ ቀዳምነት ንሰላም፤ቀዳምነት ንልምዓት ምሃብ ካብ ፖለቲከኛታትን ሊሂቃትን ትግራይ ትፅቢት ይግበር።

በዓል ዋና ፖለቲካዊ ስልጣን ህዝቢ'ዩ። ህዝቢ ብመረፃ ዝመስሎ ክሳብ ዝመርፅ ሐዚ ዘሎ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ስራሕቲ መንግስቲ ብዝግባእ ክሰርሕ ግድን ይኸውን። ንዚ ድማ ዝኾነ ሓንኳሊ ወይለ መተዓናቐፊ ሓይሊ ክህልው ኣይግባእን። ብመሰረት ውዕሊ ፕሪቶሪያ ኹሉም ሓይልታትን ዓቕምታትን ተዋዲዶም ንባህጊ ሰላምን ልምዓት ህዝቢ ትግራይ ጋህዲ ክገብሩ ይግባእ።

ህዝቢ ትግራይ'ውን ካብ ዝሓለፈ ሕማቕ ኹነታት ተማሂሩ ፖለቲከኛታትን ልሂቃትን ትግራይ ንሰላምን ልምዓትን 'ምበር ንጎንፂን ፖለቲካዊ ሕትኹትኹን ቀዳምነት ሂቦም እዛ እምባይ መን ይወርሳ ንዝብሉ ዓገብ ክብሎም ይግባእ። ኣንፃር ባህጉን ድሌቱን ዝተሰለፈ ዝኾነ ሓይሊ ቦታ ከምዘይህቦ ብዝርድኦም ቋንቋ ኣብ ዘጋጠሞ መድረኻት ክነግሮ ኣለዎ።

ብሓፈሻ ባህጊን ድሌትን ህዝቢ ትግራይ ሰላምን ልምዓትን ምዃኑ ዝኾነ ፖለቲከኛና ሊሂቅን ትግራይ ክፈልጥ ኣለዎ። እዚኣ ከይፈለጠ ስልጣን ጥራሕ ዝቋመት ንባዕሉ'ምበር ንህዝቢ ዝህቦ ራብሓ የለን። ስልጣን ንህዝቢ ንምግልጋል'ምበር ብህዝቢ ንምግላጋል ኣይኾነን። ሐዚ ድማ ህዝቢ ትግራይ ካብ ፀገሙ ንምውፃእ ፃዕሪ ዝብረሉ እዋን ስለዝኾነ፤ባህጉ ሰላምን ልምዓትን ስለዝኾነ ንዚ መሰረት ዝገበረ ስራሕ ኩሉ ትግራዋይ፣ፖለቲከኛታትን ልሂቃትን ክስርሑ ይግባእ።


## ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፡- epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቕበሊ ምልሳይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

*እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ። ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ እይኮኑን።*

## ቐዳምነት ንረብሓ ህዝቢ

መኣርግ ገ/ሄር

ህዝቢ ትግራይ ድሕሪ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶርያ ኣንፃራዊ ሰላም እኳ እንተረኸበ ኮይኑ ግና መሊኡ ካብ ስግኣት ክወፅእ ኣይከኣለን። ኣብ መንጎ ኣመራርሓ ህወሓት ብዝተፈጠረ ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ንህዝቢ ትግራይ ኣብ ስግኣት ኣእትይዎ 'ዩ። ፖለቲካዊ ምትፍናናት እናበረትዐ ከይዱ ውድብ ህወሓት ኣብ ክልተ ተመቒሉ ነንሕድሕዱ ብኣሸሙርን ብግልፅን ቓላት ክጠቓቓዕ ይረኣይ። ኮይኑ ግና ኣብዚ ሐዚ እዋን ንህዝቢ ትግራይ ዝጠቅም እዚ ኣይኮነን ነይሩ። ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ ኣብዚ ሕዚ እዋን ካሕሳ እምበር ናይ ፖለቲከኛታት ዕንክሊል ኣይኮን ዘድልዮ።

ፖለቲከኛታት ትግራይ ንህዝቦምን ንበዓሎምን ክብሉ ልቢ ብምዕባይ ሓደ ኮይኖም ንሰላምን ልምዓትን ክለዓሉ ኣለዎም። ህዝቢ ትግራይ ተደጋጋሚ ኲናት እናጋጠሞ መፂኡ 'ዩ። ብሰንኪ እቲ ኲናት ድማ ልዑል ጉድኣት ኣጋጢምዎ 'ዩ። ሕዚ ደጊሙ ክጉዳእ የብሉን። ብፍላይ ኣብ መንጎ ህወሓትን ፌደራል መንግስትን ዝተኻየደ ኲናት ስዒቡ ብሚልዮን ዝኣክል ህዝቢ ትግራይ ሂወት ናይ ምጥፋእን ኣካል ናይ ምጉዳልን ኣጋጢምዎ 'ዩ፤ ኢሉ 'ውን ክሳብ ሕዚ ካብቲ ዝበፅሖ ከቢድ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ፀገማት መሊኡ ኣይወፀን። ህዝቢ ትግራይ ካብቲ በፂሕዎ ዘሎ ጉድኣት ክወፅእ ብዙሕ ስራሕ ዝሓትት 'ዩ። ፖለቲከኛታት ፖለቲካዊ ኣፋላላዮም ዓቒቦም ንልምዓትን ሰላምን ህዝቢ ክሰርሑ ኣለዎም። ረብሓ ህዝቢ ከቕድሙ ይግባእ። ረብሓ ህዝቢ ናብ ዋጋ ዕዳጋ ከእትውዎ የብሎምን። ህዝቢ ትግራይ ሕዚ ዘድልዮ ሰላምን ልምዓትን የድልዮ፤ ኣብ ሞንጎ ፖለቲከኛታት ብዝተፈጠረ ፀገም ደጊሙ ዝጉደኣሉ ኩነታት ክህሉ የብሉን።

> **ፖለቲከኛታት ፖለቲካዊ ኣፋላላዮም ዓቒቦም ንልምዓትን ሰላምን ህዝቢ ክሰርሑ ኣለዎም፤ ረብሓ ህዝቢ ከቕድሙ ይግባእ፤ ረብሓ ህዝቢ ናብ ዋጋ ዕዳጋ ከእትውዎ የብሎምን**

ንህዝቢ ዝሓስብ ፓርቲ ፖለቲካዊ ፀገሙ ኣልዩ ንልምዓትን ሰላምን ህዝቢ 'ዩ ዝሰርሕ። ሕዚ ኣብ መንጎ መራሕቲ ህወሓት ዝረአ ዘሎ ፖለቲካዊ ምውጣጥ ግና ፀገም ህዝቢ ኣብ ግምት ዘእተወ ኣይኮነን። እኳዳኣስ ኩነታት ህዝቢ ንፀጋም ብምግደፍ ንውልቐ ስልጣኖምን ረብሐኦምን ዝጓየዩ 'ዮም ዝመስሉ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ብምኽንያት ዝተፈጥረ ፖለቲካዊ ውጥጥ ህዝቢ ትግራይ ከይጉዳእ ጥንቓቐ ክግበር ኣለዎ፤ ህዝቢ ትግራይ ብሰንኪ እቲ ኣጋጢምዎ ዝነበረ ኲናት ኣዝዩ ተጎዲኡ ዝፀንሐ ህዝቢ 'ዩ፤ ደጊሙ ናብ ሕንፍሽፍሽ ክኣቱ የብሉን፤ እቶም ፖለቲከኛታት ህዝቢ ንምክሓስ 'ዮም ክሰርሑ ዘለዎም 'ምበር ንናይ ባዓሎም ውልቐ ስልጣንን ረብሓን ክብሉ ንህዝቢ ብዝጎድእ መንገዲ ምንቅስቓስ ጠጠው ክብሉ ኣለዎም። እዚ ብታሪኽ ዘሕትት 'ዩ። ንህዝቢ እየ ወኪለ እናበልካ ንህዝቢ ዝጎድእ ምንቕስቓስ ፍፁም ክህሉ የብሉን።

ንህዝቢ ብዝጎድእ መንገዲ ምኻድ ናይ ዘይምስልጣን ምልክት 'ዩ። ህወሓት ዴሞክራሲያዊ ፓርቲ ክኾን ኣለዎ፤ ኣፈላላይ ክንድዝሃለወ ይሃሉ ድሌት ህዝቢ መሰረት ገይሩ ክንቐሳቐስ ኣለዎ። ኣፈላላዩ እናፅበበ ህዝቢ ንምክሓስ ክሰርሕ ኣለዎ 'ምበር ንውልቐ ረብሓን ስልጣንን ክባሃል ንህዝቢ ዝጎድእ ኣካይዳ ክኽተል የብሉን። ምስ ወድዓዊ ኩነታት ብምቕይያር ረብሓ ህዝቢ ዕላማ ገይሩ ክጎዓዝ ኣለዎ፤ ልዕሊ ፖለቲካ ረብሓ ህዝቢ ክቕድም ኣለዎ። ንህዝቢ ናብ ሓደጋ ዘእቱ ኣካይዳ ክህሉ ኣይግበኣን፤ ከምዚ ኣይነት ኣካይዳ ክውገድ ኣለዎ።

ቕድሚ ሕዚ ጀሚሩ ከምዚ ዓይነት ኣካይዳ ንህዝቢ ትግራይ ብተደጋጋሚ ኣብ ሓደጋ እናእተዎ መፂኡ 'ዩ። ካብ ድሌት ህዝቢ ምውፃእ ከይዱ ከይዱ ነቲ ውድብ 'ውን ናብ ሓደጋ 'ዩ ዘእትዎ፤ ስልጣን ርስቲ ኣይኮነን፤ ህወሓት ካብ ምክፍፋል ወፂኡ ህልዊ ኩነታት ፖለቲካ ተረዲኡ ክመርሕ ኣለዎ። ካብ ኣፍንጫኦም ኣርሒቆም ክሓስብ ይግባእ ናይ ህዝቢ መከራን ስቓይን ዘጭንቖና ክኸውን ይግባእ። ኮይኑ ግና ሕዚ ዝረአ ዘሎ ብዛዕባ ህላወ ፓርቲ እምበር ብዛዕባ ህላወ ወይ ረብሓ ህዝቢ ኣይኮነን። ህዝቢ ገና መሊኡ ካብፀገም ኣብዘይወፀሉ ብዛዕባ ዓርሰ ረብሓን ስልጣን ምድላይ ኣዝዩ ሓደገኛ 'ዩ። ኣብ ትዕዝብቲ ህዝቢ ዘውድቕ 'ዩ። ንህዝቢ ክብሪ ብዘይ ምሃብ 'ዩ ህዝቢ ተደጋጋሚ ፀገም ዘጋጥሞ ዘሎ።

ካሊእ ህዝቢ ትግራይ መማረፂ ፓርቲታት ክረክብ ክኽእል ኣለዎ። ኮይኑ ግና ህወሓት ህዝቢ መማረፂ ፓርቲ ከይረከብ ካብኡ ወፃኢ ዘለዉ ፖለቲካዊ ፓርቲታት ካብ ምጥቓዕን ምግላልን ሓሊፉ ተቓራሪቡ ክሰርሕ ኣይረኣይን። ከምዚ ዓይነት ኣካይዳ ድማ ንህዝቢ ዝጠቕም ኣይኮነን። ከምዝፍለጥ ቕድሚ ሕዚ ጀሚሩ እናካየዶም ዝመፀ ኣኼባታትን እቲ ቀንዲ ዕላምኡ ካብ ስልጣን ንዘይምልቓቕ ከምዝኾነ ብዙሓት ፖለቲከኛታት ክዛረቡ ይስማዕ 'ዩ። ንህዝቢ ሓሲቡ ዝንቐሳቀስ ፓርቲ ኣይኮነን።

ብተኸታታሊ ከባቢ ስልሳ ኣርባዕተ መዓልታት ዝወሰደ ኣኼባ እንትገብር ብዛዕባ ፀገም ህዝቢ እንተይኮነስ ብዛዕባ ሓደጋ ፓርቲ ከምተመያየጠ ተገሊፁ 'ዩ። እዚ ዘሪኣካ ድማ ህዝቢ ኣብ ከቢድ ፀገም እናሃለወ ናይ በዓሉ ጥቕሚ ዘቐድም ከምዝኾነ 'ዩ ዘሪኣካ። ትኽክለኛን ንህዝቢ ዝሓስብን ውድብ ረብሓ ህዝቢ 'ዩ ዘቐድም። እቲ ኣብ ዝሓለፈ ቐረባ እዋን ዘካየዶ ጉባኤ 'ውን ተመሳሳሊ 'ዩ። ውድብ ከመይ ገይሩ ካብ ዘጋጠሞ ፈተና ይውፃእ እምበር ህዝቢ ካብቲ ዘለዎ ከመይ ገይርና ነውፃኦ ኣይኮነን። ከምዚ እንተኾይኑ ኣበይደኣ ኣሎ ናይ ህዝቢ ውግንና።

ብሓፈሻ እቲ ቐንዲ ዕላማ ውድብ ክኸውን ዝግበኦ ብቐዳምነት ሰላም፣ልምዓትን ድሕንነትን ህዝቢ 'ዩ። ዝረአ ዘሎ ኩነታት ግና ጥፍኣታት እናፈፀምካ 'ውን እንተኾነ ካብ ተሓታትነት ከመይ ገይርካ ተምልጥ ዝብል መስመር ሒዝካ ምጉዓዝ እምበር ገበን ዝፈፀመ ከመይ ይተሓተት ዝብል የለን። ስለዚ ህወሓት ኩሉ ግዜ ብመንፅር ረብሓ ህዝቢ ክጎዓዝ ኣለዎ፤ ረብሓ ህዝቢ ኣቐዲምካ ምኻድ እምበር ናይ በዓልኻ ረብሓ ምቕዳም ክኸውን የብሉን። ምኽንያቱ ህዝቢ እንድሕር ዘይሃልዩ ውድብ 'ውን የለን።

# እዋናዊ ዛዕባ

## «ራእይና ዝበልፀገት ኢትዮጵያ፣ ዘይትልምን ኢትዮጵያ ዝተኸበረትን ዝተፈርሐትን ኢትዮጵያ ምፍጣር 'ዩ»

- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር) ኣብ ልምዓት ኮሪደር ኣብ ዝሓለፈ ቀዳም ንዝተሳተፉ ኣፍልጦ ሂቦም 'ዮም። እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብቲ እዋን ኣብ ዝገበርዎ መደረ እቲ ልምዓት ኮሪደር ኣብ ኣዲስ ኣበባን ኣብ ዝተመረፁ ከተማታትን ክልል ከምዝቕፅል ኣፍሊጦም 'ዮም። ኣብ መርሃ ግብሪ ኣፍልጦ ዝገበርዎ መደረ ሙሉእ ትሕዝትኡ ከምዝስዕብ ኣቕሪብናልኩም ኣለና።

ልምዓት ኮሪደር ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝጀምረናዮ ኣብ ቀረባ እንተዀነ 'ውን ካብ ቢሮና ጀሚርና መልክዕ ኢትዮጵያ ንምቕያር ቀስ እናበልና ናብ ከተማ ናብ ኣዲስ ኣበባ ምዕባይ ዝኻኣልናሉ ኩነታት ተፈጢሩ 'ዩ። ኾይኑ ግና ኣዲስ ኣበባ ጥራሕ ምቕያር ኢትዮጵያ ምቕያር ስለዘይኾን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝወሰድናዮም ስራሕቲ ትምህርትን ልምድን ወሲድና ናይ ምስፋሕ ስራሕ ሎሚ ብዕሊ እንጅምር 'ዩ ዝኾን። ልምዓት ኮሪደር ዋና ዕላማ ህዝቢ ንመፃኢ ምድላው 'ዩ። ኸዚ ዘሎ ህዝቢ ንመፃኢ ዘመን ክዳሎ ይግባእ። ኣብ መፃኢ ዘመን ከተሜነት ዝተስፋሕፈሐሉ ቴኖሎጂ ዝሰፍሐሉ፣ ክብሪ ወዲ ሰብ ዝረኸበሉ ፣ ንፁህ ኸባቢ ምፍጣር ናይ ቀፃሊ ዘመን ትልምና 'ዩ። እዚ ትልሚ እግረኛ መንገዲ ፈልዩ ክራመድ ዝኽእል ፣መኻይን ንእግረኛ ቅድምያ ዝህብሉ፣ ሕግን ስርዓትን ዝኽብሩ ገይርካ ምቕራፅ ንፁህ ኸባቢ ምርኣይ ዘኽእል ባህሊ ምቕራፅ የድሊ። ናይዚ ኮሪደር ልምዓት መሰረት ህዝቢ ንመፃኢ ዘመን ምድላው 'ዩ።

ከተማታት ፎተና ፀላእናን እናዓበየ ዝኸዱ ከይዲ 'ዩ። ከተማነት ግና ብላሲትክ ብቆርቆሮ ኣብ ሓደ ኸባቢ ዝተኣከበ ህዝቢ ማለት ኣይኮነን። ከተማነት ማለት እኹል መንገዲን መሰረተ ልምዓትን ዘለዎ፣ እኹል መብራህን ግሊጋሎት ቴሎኮም ዘለዎን፣ ብፍጥነት ሆስፒታል ከይዱ ምሕካም ዝኽእለሉ፣ ሃፍታም ብገንዘቦም እንትዘናግዑ ትሑት መነባብሮ ዘለዎም ድማ ውፅእ ኢሎም ኣብ ኸባቢኦም ብዘሎ ፓርክ ዝዝናነይሉ ማለት 'ዩ። እዚ ከተማነት ድልየት ንምምፃእ ኣብ ኢትዮጵያ ምስራሕ ይግበኣና። ከተማ ምስራሕ ዘድልዩ ኹሉ ኢትዮጵያ ኣለዋ። እዚ ንምግባር ካብ ሓሳብ ዝላዓል እንተዀነ 'ውን ብዙሓት ፀገማት፣ ናይ ኣይካኣልን ሓሳባት ፣ ብስፍሓት ዝሰራጨውሉ ከተማ ምንም እኳ ሓሳቡ ዝቐንዐ እንተዀነ ተግባራዊ ንምግባር ዘፀግም 'ዩ ዝኸውን። ንሕና ግን እስረኛታት ፀገምና ኣይኮናን። ናይ ራእይና መንገደኛታት ኢና።

ራእይና ዝበልፀገት ኢትዮጵያ፣ ዘይትልምን ኢትዮጵያ ዝተኸበረትን ዝተፈርሐትን ኢትዮጵያ ምፍጣር 'ዩ። ግና ጀመርቲ ስለዝኾና ብብዙሕ ፀገማት ምሕላፍ ግድን 'ዩ። ራእይና ኣብ ኣይካኣልን ዝተመስረተ ኣይኮነን። ምስኻዕ ንኽእል ኢና ካብ ዝብል ዝፈልፈለ 'ዩ።

ኣዲስ ኣባባ ብዝምልከት ብዙሕ ወረታት ሰሚዕኹም ትኾኑ ሎም ንመላእ ኢትዮጵያ ክገልፆ ዝደሊ ሓቂ ኣብ ኮሪደር ኣዲስ ኣበባ ሓንቲ ፐርሰንት ሓሳብ ካብ ዓለም ኣይወሰድናን። ሓሳቡን ገንዘቡን ናይ ኢትዮጵያውያን 'ዩ ። ስርሑ 'ውን ናይ ኢትዮጵያውያን 'ዩ። ካብ ኢትዮጵያውያን ወፃኢ ሓደ ብር ዝሓገዘና ናይ ወፃኢ ሓይሊ የለን ። ስለዚ ኢትዮጵያውያን እንድሕር ደሊና ንኽእል ኢና ማለት 'ዩ ። ኸዚ 'ውን ኻልኣይ ዙር እንትንእውጅ ዝተረፈ ገንዘብ ሃልዩና ኣይኮነን። ግና ናይ ድኽነት ሓሳብ ኣይተርኣየናን ። ንኽእል ኢና ህዝብና ጉልበትና 'ዩ፣ ህዝብና ሃፍትና 'ዩ፣ ኢትዮጵያውን እንድሕር ደልዮም ርእሲ ኣለዎም። እዚ ምጥቃም እንተኽኢልና ኣዲስ ኣበባ ኾነ ካልኦት ክልላት ከተማትታ ምቕያር ንኽእል ኢና ዝብል ሙሉእ እምነት ኣለና። ንሃገርናን ህዝብናን ዘለና ፍቕሪን እምነትን ጥራሕ 'ዩ። እዚ እምነትን ፍቕርን ድማ እንኳዕ ከተማ ምስራሕ ካብዚ ዝሓለፈ ፀገም ምስጋር ስለዝኽእል ካብ ተግባር ብልምዲ ዝተምሃርና ስለዝኾነ ፅባሕ ኣብ እንጅምሮ ስራሕ ከምንደግሞ ባዓል ሙሉእ ተስፋ 'የ።

ክብርቲ ከንቲባን ኣብ ኮሪደር ልምዓት ዝተሳተፍኩም ሎሚ ከተሓሳስበኩም ዝደሊ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ዝነበርክምዎ ከይዲ ስራሕ ብጣዕሚ ኣፀጋሚ ኔሩ 'ዩ። ኣብዚ ከይዲ ብዙሕ ፀገማት ኣሕሊፍም ኢኹም እዚኦም ፈተና ግና ከተማ ንምስራሕ ትምህርቲ ዝወሰድክምሉ ስለዝኾነ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንምስጋናን ዝፀወዓኩም ስለዝኾነ ሰናይ ፍረ ስለዘምፃእኹም እንኳዕ ደስ በለኩም ንብል።

ንክብርቲ ከንቲባ ቅድሚ ሰለስተ ዓመታት ነበርቲ ኣዲስ ኣበባ ምንም ዝጭበጥ ነገር ከይረኣዩ ብፍቕርን እምነትን ጥራሕ ብምርጨኦም ኣጋርነቶም ኣሪኦም 'ዮም። ኣዲስ ኣበባ ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ዘርኣየቶ ሰልፊ ብመረፃን ድልየትን ንመንግስቲ ዘርኣየቶ ተቀባልነት ኮሪደር ዝንእሳ እንበር ዝበዝሕ ኣይኮነን። ህዝብና ብመረፃ ዘርኣየና ኣኽብሮትን ፍቕርን ኸዚ ካብ ዝደኸምናዮ ንላዕሊ ደኺምና ተንሰርሕ ዝግበኦ ህዝቢ ስለዝኾነ ዝመረፀኩም 'ውን ንክትሰርሕሉ ስለዝኾነ ነቲ ህዝቢ ዝምጥን ስራሕ 'ውን ስለዝሰራሕኹም ብሽም ኣዲስ ኣበባ ብድጋሚ ከመስግነኩም ይፎቱ።

ክብርቲ ከንቲባ ናትና ስራሕን ዓቕምን ህዝቢ ምትሕብባር ህዝቢ ዘይነፅፍ ጉልበት ስለዘለዎ ተሓባቢርና ኣርብዓ ቢልየን ፈልስታት ምትኻል ክኢልና ኢና። ኢትዮጵውያን ድንቕ ታሪኽ ምፅሓፍ ስለዝኻኣልኩም ክትኾርዑ ይግባእ። ዉሑዳት እንተኾና 'ውን ክንስብሰብ ከላና ብዙሕ ነገር ምስራሕ ከምንኽእል ዘርኢ 'ዩ። ህዝቢ ምትሕብባር እቲ ሓደ ናይ ሃፍቲ ፍልፍልና እንተኾን እቲ ኻልኣይ ግን ህዝቢ ምኽባር 'ዩ። ኽብሪ ዝግበኦ ህዝቢ ስለእንመርሕ። ካብ ዝግበኣና ሰዓት ንላዕሊ ብምስራሕ እምነት ኣብ ህዝብና ክንፈጥር ኣለና። እዚ ኣመራርሓ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኹሉ ክብርቲ ከንቲባ ሓዊሱ ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣነን መላእ ነበርቲ እቲ ከተማ ኣገልጋሊ ምኧንኩም ኣመስኪርኩም ኢኾም ክነመስግን ንፈቱ።

ኣብ ዝሓለፈ ዝሰራሕናዮ ስራሕ ብዉሑዳት ሰባት እንተዀነ 'ውን ቅር ኢልና ክንኾን ንኽእል። እዚ ናይ ዕብየት መልዓሊ 'ዩ። ኣብ ካልኣይ ጉዕዞ ግና ስነምግባር ክወሰኾ ኣለዎ። እንሰርሖ ስራሕ ካብ ዝሓለፈ ብዝበለፀ ኮምኒኬት እናገበርና ህዝቢ እናሳተፍና ክንሰርሕ ኣለና። ንምንታይ ዕብየት በይኑ እንሓስቦ ብልፅግና ኣየረጋግፅን። ኣብ ዝሓለፈ ዝሰረሕናዮ ስራሕ ምንም ፀገም ኣይነበሮን፣ ቀሊል 'ዩ ኢልና ክንመፃደቕ ኣይንኽእልን። ብዙሕ ባዓል ሃፍቲ ኣቕይምና ኢና፣ ሓፁር ሓፂሮም ኣፍሪሶኹም ህነፁ ኢልና ኢና፣ ቀለም ምስ ቀብኡ ቀለምኹም ቀይሩ ኢልናዮም ኢና፣ እዚ ብሽም ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ንመላእ ነበርቲ ኣነ ይቕርታ ክሓትት ይፎቱ።

ኣብ ካልኣይ ዙር ኮሪደር ብዙሕ ነገር ከምንእርም ተስፋ ይገብር። ክብርቲ ከንቲባ ዓብይ ፃዕሪ ተራእይኩም 'ዩ ኣብ ዝቕፅል ጥንቃቐ ዘድልዮ ኢለ ዝሓስቦ ነገር ማንም ሰብ ኣብ ስራሕ ኮሪደር ትችት ምሃብ ዝተፈቐደ እንተዀነ 'ውን ንሕና እቲ ስራሕ እንሰርሕ ሰባት ግን ካብ ማንም ሰብ ሓሳብ ትፅቢት ኣይንገብርን። ብንፁህ ኣእምሮ ናብራ ህዝብና ንምቕያር ስለእንሰርሕ ብወረ ጠጠው እንብል ወይም ብውዳሰ እንዘናጋዕ ንከይኾን ስራሕን ስራሕናን ጥራሕ ክንፈጥር ይግባእ። ናይ ሰባት ምስጋናን ወቀሳን ሚዛኑ ስሒቱ ካብ ስራሕና ከይንዘናጋዕ ንህዝብና ቃል ብዝኣተናዮ መሰረት ጠንኪርና ብምስራሕ ንደቅና ምችው ኸባቢ ብምፍጣር ትፅቢት ይገበረልና።

ክብርት ከንቲባ ሓለፍቲ ስራሕ ኣዲስ ኣበባን ድሕሪ ኸዚ ሓደ ዓመት ዓሰርተ ወርሒ ከባቢ ዘመን ስልጣን ኣለኩም። እዚ ኽልተ ዓመት ዘይመልእ ግዜ ተጠቒምኩም ናይ ምቕያር ዕድል ተዋሂብኩም 'ዩ። እዚ ብዙሓት ዘይረኸብዎ ዕድል 'ዩ። እዚ ዕድል ተጠቒምኹም ኣብ ዝቕፅሉ ኽልተ ዓመታት ማእኸላይ ስራሕ ተትሰርሑ ብዘይ ነስሓ ኢኹም ትነብሩ። ንኣብነት ኣብ ቀፃሊ ኣብ ዝካየድ መረፃ ኸዚ ዘሎ መንግስቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ እንተዘይተመሪፁ ተወሳኺ ኮሪደር ሰሪሕና ኢና እነረክብ። ምኽንያቱ ናትና መግለፂ ብዘረኸብናያ ዕድል ምጥቃም 'ዩ። ዘመን ዘይርሰዖ ዓሻራ ምቕማጥ እንበር ክሳብ መረፃ ምስራሕ እንድሕር ዘይተመሪፅና ድማ ኣኹሪፍና ጠጠው ንምባል ኣይኮነን። በዚ ሓሳብ ዝቕፅል ኮሪደር ንትሰርሑ ካብ ኸዚ ሓደራ እናበልና ዝቕፅል ኮሪደር ሎሚ ብዕሊ ዝእወጅ እንተኾነ 'ውን ዝሓለፈ ኮሪደር ምንም ስራሕ ዝተረፎ የለን ማለት እንተይኾነስ ግዜ ዝደልዩ ግዚኦም እናሓለወ ዝዛዘሙ ንካልኣይ ዙር ግና ካብ ኸዚ ጀሚሩ ናብ ምቅስቃስን ምድላውን ዝእቶ 'ዩ ዝኸውን።

እዚ ሓድሽ ኮሪደር ክሳብ ኸዚ ካብ ዝሰራሕናዮም ሰፍሕ ዝብል 'ዩ። ካዛንችስ ኸባቢ ዘለዎ ከም ፒያሳ ምቕያርን ናይ ከንቲባን ኣብ ትሕቲኣን ኾይኖም ዝሰርሑ ስራሕ 'ዩ። እዚ ኮሪደር ልክዕ ከም ፒያሳ ህዝቢ ዘተ ብምግባር ብፍጥነትን ብፅሬትን ከምዝስራሕ ተስፋ ንገብር።



እዚ ሓድሽ ኮሪደር ክሳብ ኸዚ ካብ ዝሰራሕናዮም ሰፍሕ ዝብል 'ዩ። ካዛንችስ ኸባቢ ዘለዎ ከም ፒያሳ ምቕያርን ናይ ከንቲባን ኣብ ትሕቲኣን ኾይኖም ዝሰርሑ ስራሕ 'ዩ

ካልኣይ ኮሪደር ምኽትል ከንቲባ ዣንጥራር ኣባይ ዝመርሕዎ ኾይኑ ካብ ሳውዝጌት ክሳብ መገናኛ መስቀል ኣደባባይ 'ዩ ዝኸውን። ሳልሳይ ኮሪደር ኣይተ ሞገስ ባልቻ ዝመርሕዎ ካብ ኢምባሲ ጣልያን ፣ግንፍሌ ፣ቀበና ፣ኣዋሬ እንትኾን ኣብ ከተማና ዓብይ ለውጢ ዘምፅእ ስራሕ 'ዩ። ራብዓይ ኮሪደር ኣይተ ጥራቱ ዝመርሕዎ ቀጣና ሲኤምሲ ዝተጀመረ ስራሕ ኣሎ ንሱ ምዝዛም 'ዩ። ዶክተር ጀማሉ ካብ ኣራት ኪሎ ብሽሮ ሜደ ክሳብ እንጠጦ ዝመርሕዎ 'ዮም። ኣይተ ጥላሁን ካብ እንጠጦ ጀሚሩ ካብ ፒያሳ ፍሬንድሽፕ ናብ ፒኮክ ዝኸይድ ፕሮጀክት ክሕዙ 'ዮም። ሽድሽተ ኮሪደራት ክህልዉና 'ዮም ።

ካብዚ ብተወሳኺ ክብርቲ ከንቲባ ኣዳነች ኣበቤ ካዛንችስ ብተወሳኺ ኮሪደር ጎንደርን ቢሾፍቱን ኣተሓባባሪ ኾይኖም ምስ ኽልቲኦም ኸንቲባ ብምኹን ክሰርሓ እየን። ኣብ ዝቕፅል ምርቓት ኮሪደር ጎንደርን ቢሾፍቱን ሓቢሮም እንትምረቑ ምርኣይ ንደሊ ኢና። ምኽትል ከንቲባ ዣንጥራር ኣባይ ደሴን ሰመራን ኮሪደር ምስ ከንቲባ ብምኹን ክመርሑ 'ዮም። ሳልሳይ ኣይተ ሞገስ ባልቻ ኮሪደር ጅግጅጋ ምስ ከንቲባ እቲ ከተማ ብምኹን ክሰርሑ 'ዮም። ኢንጅነር ማሓመድ ዋና ስራሕ ፈፃሚ መንገድታት ባዓል መዚ ምስ ከንቲባ እታ ከተማ ብምኹን ሃረር ከተማ ክመርሑ 'ዮም። ኣይተ ጥራቱ ናይ ኣርባምንጭ ኮሪደር ምስ ከንቲባ ብምኹን ክሰርሑ 'ዮም። ወይዘሮ ኣለም ፀሃይ ጳውሎስ ከተማ ሃዋሳ ምስ ከንቲባ እታ ከተማ ብምኹን ክመርሓ እየን። ባህርዳር ፣ኣዳማን ሸገርን ካብ ኣዲስ ኣበባ ስለዘይንእሱ ዘለዎም ሃፍቲ ተጠቒሞም ባዕሎም ምቕያር ስለዝኽእሉ ምስ ዝሕገዙ ከተማታት ኣይተኻተቱን ።

ብድምሩ ልምዓት ኮሪደር ብዝተወሰነ መልክዑ ዝተጀመሩ ብከተማ ኣዲስ ኣባባ እናተሓገዙ ልዕሊ ኢልና ዝገለፅናዮም ከተማታት ዘካተቱ 'ዮም። እዚ እንትንሰርሕ ዘይበፅሕናዮም ከተማታት ብትዕግስቲ ክፅበዩ ኣለና። ብዙሕ ጉልበትን ገንዘብን ዝሓትት ጉዳይ ስለዝኾነ ሓደ ግዝ ከተማ ኣፍሪስና ከንሃንፅ ኣይንኽእልን። ዓሰርተ ሚልየን ህዝቢ ወፂኡ ዘኣትወሉ ከተማ ኣብ ሓፂር እዋን ኣፍሪስካ ምህናፅ ዘፀግም 'ዩ ዝኸውን። ነዚ ዝተወሰነ ምዕጋስ የድሊ 'ዩ። እዚ ከይወዳእና ንምንታይ ናብ ክልል ከተማታት ወፂና ዝብል ሕቶ እንተሃልዩ ድማ ኹሉግዜ ኣዲስ ኣበባ ልምዲ እናተወሰዱ ዝስፋሕፍሑ ስራሕቲ ብሃገር ብርኪ ዘለና ስራሕቲ ከተማ ኣብ ሓፂር እውን ንምዝዛም ስለዝሕግዝ 'ዩ። ብዘለና ብናይ ባዕልኻ ዓቕሚ 'ውን እናሰራሕኻ ምፅናሕ ይካኣል 'ዩ። እዚ ስራሕ እንትንሰራሕ ብዙሕ ሰባት ብዘይሓሰብዎ ገዘኦምን ሓፅሮምን ክንካእ ይኽእል 'ዩ፣ ሰብ ድማ ሓፅሩ መሬቱ እንትንካእ ኣይፎቱን እዚ ድማ ብምዝርራብ ንሓባራዊ ረብሓን ዕብየትን ስለዝኾነ እናእመና እናተዛተና ንሰርሕ 'ዩ ዝኾን። ህዝቢ ንክሕግዘና በቢደረጅኡ ዘሎ ኣመራርሓ ንክሕግዘና ብሓባር ጠጠው ክንብል ንኣፍሪካ ኣርኣያ ንክንኾን ሰሪሕኻ ምቕያር ከምዝካኣል ዝቃወሙ ሰባት 'ውን ብኣካል ሪኦም ንክናስሑ ንክንገብር ብምትሕብባር መንፈስ ንክንሰርሕ ሓደራ እናበልኩ ካብ ሎሚ ጀሚሩ ብሓድሽ ኮሪደር ንራኸብ ይብል ።

# ዕዱም ጋሻ

# "ቱሪዝም ትግራይ ክዓቢ እንተኾይኑ ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት ክሳተፉ ክኽእሉ ኣለዎም"

- መምህር ኣማኑኤል ኣብርሃ



መኣርግ ገ/ሄር

በዓላት ኣዳባባይ ቱሪዝም ኣብ ምድንፋዕ ዘለዎም ግደ እንታይ ከምዝመስል ንምርኣይ፣ መጀመርታ ቱሪዝም እንታይ "ዩ ንዝብል ፅንሰ ሓሳብ ሕፅር ብዝበለ መልክዑ ምርኣይ ኣገዳሲ "ዩ፤ ቱሪዝም ደቂ ሰባት ንውልቃዊ ወይ ንንግዳዊ/ሞያዊ ዕላማታት ካብ ልሙድ ሃዋህው ወፃኢ ናብ ሃገራት ወይ ቦታታት ንምንቅስቓስ ዘጠቓልል ማሕበራዊ፣ ባህላውን ቁጠባውን ተርእዮ "ዩ። ስለዚ ቱሪዝም ደቂ ሰባት ካብ መንበሪኦም ወፃኢ ንናይ ቱሪዝም ዕላማታት ዝገብርዎ ምንቅስቓስ ኮይኑ እቲ ምንቕስቓስ ኣብ ውሽጢ ከተማ፣ ክልል፣ ሃገር ወይ ድማ ኣህጉራዊ ዶብ ሰጊሩ ክኸውን ይኽእል "ዩ።

ሃፍቲ ቱሪዝም ብዝግባእ ምጥቃም ናይ ሓንቲ ሃገር ኢኮኖሚያዊ ዓቕሚ ካብ ምዕባይ ሓሊፉ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ርክብ ብምፍጣር ነንርእሶም ክሳላዩ ብምግባር ሓድነት እቶም ህዝቢታት ዘማዕብል "ውን "ዩ። እዚ ድማ ንሓንቲ ሃገር ናይ በዓሉ ረብሓ ኣለዎ። ይኹን እምበር ከም ኢትዮጵያ ዝበላ ኣብ ምዕባይ ዝርከባ ሃገራት ነቲ ዕድል እምብዛም ክጥቀማሉ ኣይረኣያን። ንኣብነት ኢትዮጵያ ዘለዋ ዓቕሚ ቱሪዝም ክሳብ ሕዚ ብዝግባእ ተጠቒማትሉ "ያ ክበሃል ኣይከኣልን። ኮይኑ ግና ዘለዋ ባህላዊን ተፈጥሪኣዊን ሃፍቲ ዓቕሚ ቱሪዝም ንዓለም ብዝግባእ ብምፍላጥ ብዙሓት ቱሪስትታት ምስሓብ ትኽእል "ያ። ሃፍቲ ቱሪዝም ንዓለም ብምፍላጥን ብምልላይን ካብ ቱሪዝም ጥራሕ ልዑል እቶት ምርካብ ከምዝከኣል ናይቲ ዓውዲ ሙሁራት ይገልፁ። ዋላ ምችው ኩነታት ኣየር ዘይብለን ብዙሓት ሃገራት ኣብዚ ዓውዲ እዚ ብዝግባእ ብምንጣፈን ብዙሓት በፃሕቲ ዓዲ ክስሕባ ይረአያ "የን። በዚይ ኣቢሉ ድማ ካብ ቱሪዝም ዘይነዓቕ እቶት ብምርካብ ዜጋታተን እናጠቕማ "የን። ሃገርና ኢትዮጵያ ብርክት ዝበሉ ሃፍቲ ቱሪዝም ኣለዋ ከንብል እንተለና ድማ ብቐዳምነት እትጥቐስ ክልል ትግራይ "ያ። ትግራይ ብዙሓት ተፈጥሪኣዊን ባህላውን ዓቕሚ ቱሪዝም ዘለዎ ክልል "ያ።

እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ ብፍላይ ካብ ወርሒ ነሓሰ ጀሚሮም ዝበዓሉ ከም ኣሸንዳ ዝበሉ ሃይማኖታውን ባህላውን ትሕዝቶ ዘለዎም ናይ ኣዳባባይ በዓላት ብዝግባእ ዋላ ናብ ረብሓ ኣይንቐይሮም ዘይነዓቕ ሃፍቲ ቱሪዝም "ዮም። ከምኡ "ውን ኣብ ወርሒ መስከረም ዝበዓሉ ከም መስቀል እንተርኢና ቱሪስት ብዝስሕብ ደረጃ እንተተሰሪሕሎም ብዝግባእ ናብ ረብሓ ምቕያር ይከኣል "ዩ። ኮይኑ ግና ክሳብ ሕዚ ብመንፅር ዘለዎም ሃፍቲ ቱሪዝም ገና ናብ ጥቕሚ ዘይተቐየሩ ፀጋታት "ዮም።

ንምኳኑ ዓቕሚ ቱሪዝም ትግራይ እንታይ ይመስል? ብፍላይ ህዝባዊ በዓላት (ናይ ኣዳባባይ በዓላት) ብኸመይ ብዝግባእ ፍልልፍ ቱሪዝም ምግባር ይከኣል? ቱሪዝም ትግራይ ንምዕባይ ማሕነቆ ዝኾኑ ቆንዲ ቆንዲ ነገራት ከ እንታይ "ዮም ኣብ ዝብሉ ሕቶታትን ካልኦት ተማሳሰልቲ ጉዳያትን ኣልዒላና ኣብ ዩኒቨርስቲ ዓዲግራት ናይ ኣርኬሉጂ ቅርሲ ምምሕዳርን ተመራማሪን ዝኾኑ መምህር ኣማኑኤል ኣብርሃ ዝገበርናዮ ፃኒሕት ከምዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ። ሰናይ ንባብ!

**ወጋሕታ:- ከም በዓል ሞያ፣ ኣብ ትግራይ ዘለዉ ዓቕምን ፍልፍል ቱሪዝም ብተወሰነ መልክዑ እንታይ ከምዝመስሉ ተዝገልፁልና?**

**መምህር ኣማኑኤል:-** ኣብ ትግራይ ብዙሓት ዝድህሰሱን ዘይድህሰሱን ቕርስታት ከምዘለዉ ይፍለጥ 'ዩ። ዝድህሰሱ ቅርስታት ከንብል እንተለና ብኢድ ዝጭበጡ ወይ ዝድህሰሱ ዘጣቓልል ኮይኑ፣ ከም ኣብ ኣክሱም ዝርከቡ ሓውልትታት፣ ሳናቲም፣ ጥንታዊ ናይ ነገስታት መቓብራት፣ ፍርስራስ ቤተ መንግስቲ ወዘተ ከምኡ 'ውን ኣብ የሓ ዝርከብ ጥንታዊ ቤተ መቕደስ፤ ካብ ከውሒ ተፀሪቦም ዝተሰርሑ ጥንታውያን ኣብያተ ክርስትያናት፣ ንኣብነት ኣብ ዞባ ምብራቕ ዝርከቡ ከም ኣብርሃ ወኣፅብሃ ዝበሉ ጥንታውያን ገደማት ብውሕዱ ምጥቃስ ይከኣል 'ዩ። ዘይድህሰሱ ቅርስታት ከንብል እንተለና ድማ ኣብ ኣዳባባይ ዝበዓሉ በዓላት ከም ኣሸንዳ፣ መስቀል፣ ጥምቐት ዝመሳሰሉ ምጥቓስ ይከኣል 'ዩ።

**ወጋሕታ:- ከምዚኦም ዝበሉ ባህላውን ተፈጥሮኣውን ቕርስታት ትግራይ ብዝግባእ ፍልፍል ቱሪዝም ትግራይ ንምግባር ብዋናነት እንታይ ክስራሕ ኣለዎ ይብሉ?**

**መምህር ኣማኑኤል:-** ከምቲ ቕድም ኢለ ዝበልክዎ ክልልና ክልል ትግራይ ወናኒት ብዙሓት ባህላዊን ሃይማኖታውን ከምኡ 'ውን ተፈጥሮኣውን ቕርስታት 'ያ። ኮይኑ ግና ብዝግባእ ናብ ረብሓ ኣይቐየርናዮም። እዞም ፀጋታት እዚኦም ብዝተዋደደ መንገዲ ብምስራሕ ናብ ኢኮኖሚያ ረብሓ ንምቕያር ክስርሑ ኣለዎም። ኣወሃህባ ኣገልግሎት ብምምሕያሽን ማለት ኣድለይቲ ኣሳራርሓታት ብምዝርጋሕ ክትግበሩን ንዕቤት እቲ ሴክተር ዕንቅፋታት ዝኾኑ ነገራት ክውገዱን ዓለምለኻዊ ተፈላጥነት ዘለዎም ደረጃታት ቱሪዝም ንምግባር ክስርሑ ኣለዎም። ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት፣ ቱሪዝም ዓብዪ ዓቕሚ ቁጠባዊ ዘለዎ ምኧኑ ብኣግባቡ ተረዲኦም ኣቓልቦ ብምሃብ ክሰርሕሉ ይግባእ።

**ወጋሕታ:- ኣብ ወርሒ መስከረም ብዙሓት ህዝባዊ በዓላት (ኣብ አደባባይ ዝበዓሉ) በዓላት ኣለዉ፤ እዚኦም ብኸመይ ናብ ረብሓ ምቕያር ይከኣል?**

**መምህር ኣማኑኤል:-** እዞም በዓላት እዚኦም ኣካል ፍልፍል ቱሪዝም ትግራይ 'ዮም። እዞም ፀጋታት ቱሪዝም መጀመርታ ባሕላዊን ሃይማኖታውን ትሕዝተኦም ብዝሓለወ መልክዑ ክኽበሩ ኣለዎም። ናይ መጀመርታ ታሪኻዊ ትሕዝቶኦም ከይጠፍእ ብኻልኦት ናይ ደገ ባህልታት ክብከሉ የብሎምን። እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ እዞም ፍልፍል ቱሪዝም ዝኾኑ ሃፍቲታት ንማሕበረሰብ ዓለም ብዝግባእ ኣብ ምፍላጥ ቐላሕታ ሂብካ ክስረሓሉ ኣለዎ። ማለት ብመንፅር ንዓለም ብምፍላጥ፣መባፅሒ ቱሪስት ብምልማዕ፣ ቴክኖሎጂ ኣብ ምጥቃም ብሰፊሑ ክስረሓሉ ኣለዎ። ኣብ ኢትዮጵያ ብፍላይ ኣብ ከባቢ መስከረም ብዙሓት ህዝባዊ በዓላትን ኣለዉና፤ እቶም በዓላት ንበፃሕቲ ዓዲ ሰሓብቲ ክኾኑ ብዝግባእ ምስራሕ የድሊ። እዚ ማለት መዳረግቲ ኣካላት ተናቢቦም ብምስራሕ እዞም ህዝባዊ በዓላት ፍልፍል እቶት ንምግባር ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ኣበርቲዖም ክሰርሑ ይግባእ። እዞም ከም መስቐል፣ ጥምቐት ዝበሉ ኣብ ኣዳባባይ ዝበዓሉ ህዝባዊ በዓላትን ካልኦት ታሪኻዊ ቦታታት ብኣግባቡ ንዓለም ማሕበረሰብ ምልላይ፣ መዘናግዒ ቦታታት ምስፍሕፋሕ፣ ንበፃሕቲ ዓዲ ምቹው ኩነታት ምፍጣር የድሊ። እዚ እንተተገይሩ ዓውዲ ቱሪዝም ዝያዳ ክዓቢ ስለ ዝኽእል ኣብታ ሃገር ኣጋጢሙ ዘሎ ሕፅረት ሸርፊ ወፃኢ ኣብ ምቕላል፣ቑፅሪ ስራሕ ስእነት ኣብ ምቕናስ ብሓፈሻ ኢኮኖሚ ሃገር ኣብ ምድንፋዕ ርኡይ ተራ ክፃወት ይኽእል 'ዩ።

ከም ኢትዮጵያ ዝበላ ሓደ ሓደ ኣብ ምዕባይ ዝርከባ ሃገራት ዓቕሚ ፍልፍል ቱሪዝም ዋላ እኳ እንትሃለዎን ክንድዝከኣል ግና ክጥቐማሉ ኣይረኣያን። ኣብ ምዕባይ ዝርከባ ሃገራት ኣብ ዓውደ ቱሪዝም ትኹረት ሂበን እንተሰሪሐን ብዙሕ ተጠቓምቲ ክኾና ከምዝኽእላ እሙን 'ዩ። ስለዚ ክልል ትግራይ ብሓፈሻ ኢትዮጵያ ኣብ ከምዚኦም ዝበሉ በዓላት ብዕቱብ ብምስራሕ ናብ

**ከም ኢትዮጵያ ዝበላ ሓደ ሓደ ኣብ ምዕባይ ዝርከባ ሃገራት ዓቕሚ ፍልፍል ቱሪዝም ዋላ እኳ እንትሃለዎን ክንድዝከኣል ግና ክጥቐማሉ ኣይረኣያን**

ኢኮኖሚያዊ ርብሓ ምቕያር ይከኣል 'ዩ። ኮይኑ ግና ክሳብ ሕዚ ኣድላይ ዝበሃል ትኹረት ብምሃብ እናተሰርሐሉ ኣይኮነን ዘሎ።

**ወጋሕታ:- ቱሪዝም ትግራይ ንምዕባይ ማሕነቆ ዝኮኑ እንተዝገልፁልና?**

**መምህር ኣማኑኤል:-** ከምዝፍለጥ ትግራይ ብዙሓት ባህላዊ፣ ሃይማኖታዊን ተፈጥሮኣውን ቕርስታት ዘለዋ ክልል 'ያ። ኮይኑ ግና ናብ ረብሓ ብዝግባእ ተቐይሩ 'ዩ ምባል ኣይከኣልን። እቲ ምኽንያት ድማ እኹል ኣቓልቦ ብምሃብ ስለዘይተሰረሐሉ 'ዩ። እቲ ዘፈር ልክዕ ከም ካልኦት ዘፈራት ትኹረት ኣይረኸበን። ንኣብነት ከም ሕርሻን ካልኦትን። ብዙሕ ፀገም ሕብረተሰብ ክፈትሕ ከምዝኽእል ዋላ ዝፍለጥ ይኹን እምበር ልዑል ኣቃልቦ ተዋሂብዎ ዘይተሰርሐሉ ሴክተር 'ዩ። ኣብ ክልልና ይኹን ብሓፈሻ ኣብታ ሃገር ትሑት ኣቓልቦን ምዕባለን ስለ ዘሎ ንቱሪስትታት ዝምጥን ከም ሆቴል፣ ሎጃትን ካልኦት ከም መሰረተ ልምዓትን ዝበሉ ኣገልግሎታት ዘይምህላው ንዕቤት ቱሪዝም ዕንቕፋት 'ዩ ምባል ይከኣል። ኣብ ከባቢ ታሪኻዊ ቦታታት ሎጅ ክህሉ ኣለዎ። ብሓፈሻ ናይ ኢኮኖሚ ፀገም 'ውን ስለዘሎ ኣድላይ ዝበሃል ዝርገሐ መሰረተ ልምዓት (ኢንፍራስትራክቸር) ዘይምህላው ነቲ ሴክተር ፅልዋ እናሓደረሉ 'ዩ። ካሊእ ብተፈላላዩ ናይ ሚድያ ሲስተማት ይኹኑ ካልኦት መሳርሒታት ተጠቒምካ ፍልፍል ሃፍቲ ቱሪዝም ብዝግባእ ዘይምፍላጥ 'ውን ኣሎ።

ኢንዱስትሪ ቱሪዝም ብዝግባእ እንተሰሪሕናሉ ስራሕ ዕድል ካብ ምፍጣር ጀሚሩ ብዙሓት ረብሓታት ዘለዎ ዓውዲ 'ዩ። ይኹን እምበር ካብዚ ኢንዱስትሪ ዝድለ ረብሓ ክርከብ እንተተደልዩ እቲ ዓውዲ ከይዓቢ ማሕነቖ ኮይኖም ዝርከቡ ቁልፊ ፀገማት ቕዳምነት ብምሃብ ክፍትሑ ኣለዎም። ንኣብነት ኣብታ ሃገር ዘተኣማምን ሰላም ክህሉ ኣለዎ። ኣብ ሓንቲ ሃገር ጉዳይ ሰላም እንተዘይ ሰፊኑ ቱሪስት ክመፅእ ኣይኽእልን። ስለዚ ዝተረጋግዐ ሰላምን ፀጥታን ክህሉ ኣለዎ። ካሊእ ዘለካ ሃፍቲ ቱሪዝም

"ቱሪዝም ትግራይ...ገጽ 6

## ዕዱም ጋሻ

# “ቱሪዝም ትግራይ ክዓቢ እንተኾይኑ ኩሎም...

ብዝግባእ ንዓለም ዘይምፍላጥ ኣሎ።

ኢትዮጵያ ብመንፅር ዘለዋ ሃፍቲ ቱሪዝም ንዓለም ብዝግባእ ኣፋሊጣ እያ ዝብል እምነት የብለይን። ብፍላይ ድማ ትግራይ ብመንፅር ዘለዋ ልዑል ሃፍቲ ቱሪዚም፤ ከምዚኦም ዝበሉ ፀገማት ክፍትሑ ብዘይምኽኣሎም ትግራይ ዘለዋ ዓቕሚ ቱሪዚም ናብ ረብሓ ኣይቐየረቶን። ሓደ ሓደ ሃገራት ካብ ኢትዮጵያ ዘይበልፅ ሃፍቲ ቱሪዝም ሒዘን ኮይኑ ግና ካብ ኢትዮጵያ ብዝሓሸ ቱሪስትታት ብምስሓብ ዝሓሸ እቶት ይረኽባ ‘የን። ስለዚ ሃፍቲ ቱሪዝም ብቐሊሉ ዝረኣይ ኣይኮነን። ብዝግባእ እንተተሰሪሕዎ ኢኮኖሚ ሃገር ንምድንፋዕ ብዓብይኡ ክዝሕግዝ ዝኽእል ሴክተር ‘ዩ።

ካሊእ ኣብቲ ሞያ ኣፍልጦ ዘይብሎም ኣካላት ከማሕድሩ ምግባር ሓደ ፀገም ‘ዩ፤ ከምቲ ዝፍለጥ ኣብ ትግራይ መብዛሕትኡ ምስቲ ሞያ ቅርበት ዘይብሎም ብሸመት ኣብቲ ቦታ እናተቐመጡ መፂኦም ‘ዮም፤ እዚ ድማ ናይ በዓሉ ኣሉታዊ ፅልዋ እናሕደረ መፂኡ ‘ዩ። ኣብ ቱሪዝም ለውጢ ክመፅእ እንተኾይኑ ኣብቲ ሴክተር ዝምደብ ኣካል ብዛዕባ ቱሪዝም እንታይነት ኣፍልጦ ክህልዎ ኣለዎ። ቱሪዝም ከመይ ክምራሕ ከምዝኽእል ዝፈልጥ ኣካል ክምደብ ኣለዎ። ሕዚ ግና ብተወሰነ መልክዑ እናተቐርፈ ይመስል። ንኣብነት ምምሕዳር ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ኣፅብሃ ገብረእግዚኣብሄር (ዶ/ር) በቲ ሞያ ዝተመረቑ ‘ዮም። በቲ ሞያ ዝተመረቑ ስለዝኾኑን ብቑዕ ኣፍልጦ ስለዘለዎም ተስፋ ዝህቡ ለውጥታት እናረኣና ኢና። እዚ ተጣናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ። ኮይኑ ግና በቲ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኩናት እቲ ዘፈር ኣዝዩ ተጎዲኡ ስለ ዝነበረ ክንድትዝግበኦ ርሕቐት ኣይተጎዓዘን። ስለዚ ካብ መንግስቲ ፌዴራልን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ድጋፍ ክግበረሉ ኣለዎ።

ብተወሳኺ መብዛሕተኦም ምስ ቱሪስት ኣካላት ዝራኸቡ ኣካላት ‘ውን እኹል ዝኾነ ብቕዓትን ሞያን የብሎምን። ስራሕ ከም መፍጠሪ ተገይሩ ስለ ዝውሰድ ነቲ ዘፈር ከይዓቢ ከም ማሕነቕ ኮይንዎ ፀኒሑ ‘ዩ። ንኣብነት ንበፃሕቲ ዓዲ ዘጉብንዩ ሰባት ኩሎም እኹል ሞያን ፅቡቕ ስነ ምግባርን ዝተላበሱ ‘ዮም ዝብል እምነት የብለይን። እዚ ዋላ ክሳብ ሕዚ ዘይተፈትሐ ፀገም ኮይኑ እናቐፀለ ይርከብ። ልክዕ ከም ደቐቕትን ኣናእሽተይን(ደኣንት) መናእሰይ ወዲብካ ስራሕ ከም መፍጠሪ ዘፈር ‘ዩ ዝስራሕን ዝሕሰብን ዘሎ፤ እምበር ቱሪስት ከመይ ይተሓዝ ዝብል ፍልጠትን ሞያን የለን። እዚ ክስተኻኸል ኣለዎ። ናይ ስነ ምግባር ፀገም ጥራሕ እንተይኮነስ ታሪኽ ብዝግባእ ተንቲንካ ዘይምርዳእ ‘ውን ብዓብይኡ ኣሎ። ኮይኑ ግና ሕዚ ኣብ ላዕሊ ተስፋ ዝህቡ ለውጥታት ኣለዉ እዚ ክሳብ ታሕቲ ተጣናኺሩ ክወርድ ክኽእል ኣለዎ።

**ወጋሕታ፡- ቱሪዝም ትግራይ ንምዕባይ ካብ መን እንታይ ትፅቢት ይግበር?**

**መምህር ኣማኑኤል፡-** ቱሪዝም ትግራይ ክዓቢ እንተኾይኑ ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት ክሳተፉ ክኽእሉ ኣለዎም። ቱሪዝም ብመንግስቲ ጥራሕ ክዓቢ ኣይኽእልን። ሰብ ሃፍቲ ‘ውን ክሳተፉ ክኽእሉ ኣለዎም። ንኣብነት ሎጅ ብምስራሕ፣ መሰረተ ልምዓት ኣብ ምዝርጋሕ ምሕጋዝ ክኾን ይኽእል ‘ዩ። ስለዚ ንቢሮ ቱሪዝም ጥራሕ ዝግደፍ ጉዳይ ኣይኮነን። ካልኦት ከም ዩኒቨርስቲታት ትግራይ ‘ውን ኣስተዋፅኦ ክገብሩ ኣለዎም። መንግስታዊ ኣካላት ‘ውን እኹል ባጀት ብምብጃት ቱሪዝም ኣብ ምዕባይን ካልኦት ነቲ ሴክተር ክልውጡ ኣብ ዝኽእሉ ነገራት ክሳተፉ ኣለዎም። ብሓፈሻ ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት ተዋዲዶም ናይ በዓሎም ኣስተዋፅኦ እንተገይሮም ኣወንታዊ ውፅኢት ምምፃእ ይከኣል ‘ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ።

ቱሪዝም እንትዓቢ ኢኮኖሚያዊ ዓቕሚ ሃገር ንምዕባይ ዘይነዓቕ ግደ ኣለዎ። ስራሕ ስእነት የቓልል፣ ሰብ ማኪና፣ ሆቴልን ካልኦት ብዙሓት ኣካላትን ተጠቀምቲ ‘ዮም። ከምዝፍለጥ ክልልና ትግራይ ብዙሓት ባህላውን ተፈጥሮኣውን ቕርስታት ዝሓዘት ክልል ምስ ምዃና ተተሓሒዙ ነዚኦም ብኣግባቡ ብምምሕዳርን ብምጥቃምን ሓደ ዓብዪ ናይ ኢኮኖሚ እቶት ኮይኖም ከገልግሉ ይኽእሉ ‘ዮም። እዚኦም ብኣግባቡ ምስ እንጥቐመሎም ‘ዩ ካብ ደገን ውሽጥን ብዙሓት በፃሕቲ ዓዲ (ቱሪስታት) ክውሕዙ ዝኽእሉ። ብዙሓት ቱሪስትታ እንትመፁ ድማ ልዑል ናይ ኢኮኖሚ ምንቕስቓስ ይህልው። ልዑል ናይ ስራሕ ምንቕስቓስ እንትህሉ ድማ ብዙሕ ስራሕ ይፍጠር፤ ኢኮኖሚ ናይታ ዓዲ እናተማሕየሸ ይኸይድ። ስለዚ ቱሪዝም ትግራይ ብዝግባእ እንተተሰሪሕሉ ኣብ ኢኮኖሚ ዝህልዎ ኣስተዋፅኦ ዝዓዘዘ ስለዝኾነ ዜጋታት ተጠቐምቲ ክኾኑ ይኽእሉ ‘ዮም ዝብል ሓሳብ ኣለኒ።

**ወጋሕታ፡- ኣብዚ ዙርያ እዚ ክቀሪ ዘይግበኦ ሓሳብ እንተሃልዩ፤**

**መምህር ኣማኑኤል፡-** ቕርስታት ትግራይ በቲ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኩናት ተጎዲኦን ‘የን። ነዚ ኣካላሓሊስካ ንቕድሚት ንምስጓም ተዋዲድካ ብዙሓት ስራሕቲ ምስራሕ የድሊ። ዕንወት ዝበፅሖም ቕርስታት ኣለዉ። እዚኦም ብዝግባእ ክፅገኑ ኣለዎም። በርግፅ ሕዚ ናይ ምፅጋን ስራሕቲ ኣለዉ። እዚኦም ተጣናኺሮም ክቕፅሉ ኣለዎም። ዝጠፍኡ ቅርስታት ‘ውን ኣለዉ፤ ኣብዚኦም ‘ውን ስራሕ ምስራሕ የድሊ። ዘለው ድማ ብጥንቓቐ ክተሓዙ ኣለዎም። ምኽንያቱ እዞም ቕርስታት እዚኦም ሓደ ግዜ እንተጠፊኦም ተመሊሶም ክርከቡ ኣይኽእሉን። ኣብዚ ኩነታት ድማ ብፍላይ ሰብ ሞያ ብዝኽኣልዎ ኩሉ ክረባረቡ ኣለዎም። ብፍላይ ኣብ ኣታሓሕዛ ቕርሲ እኹል ጥንቓቐ ኣሎ ዝብል እምነት የብለይን። ዝተወሰኑ ናይ ኣታሓሕዛ ጉድለታት ኣለዉ፤ እዚኦም ክእረሙ ኣለዎም። ናብ ረብሓ ቱሪዝም ዝውዕልሉ ስራሕቲ ተጠናኺሩ ክቕፅል ድማ ኣለዎ። ከምዚ ክሽውን እንተኾይኑ ድማ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዝተናበበ ስራሕቲ ምስራሕ የድሊ። ብፍላይ ድማ ከምቲ ቕድም ዝበልክዎ እዚ ሴክተር እዚ ብሰብ ሞያ ክመሓደር ኣለዎ። ቕርሲ ከመይ ይተሓዝ፣ ቱሪስት ብኸመይ ምስሓብ ይከኣል፣ ብሓፈሻ እቲ ሴክተር ብኸመይ ክዓቢ ይኽእል ብዝብል እኹል ሞያን ኣፍልጦን ብዘለዎም ኣካላት ክምራሕ ኣለዎ። ካብዚ ወፃኢ በቲ ዝተለመደ መንገዲ ብምኻድ ዝድለ ለውጢ ክመፅእ ይኽእል ‘ዩ ኢልካ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ነዚ ‘ውን ‘ዩ ክሳብ ሕዚ ክንዲ እቲ ዝከኣል ንቕድሚት ዘይሰጎመ ዘሎ።

**ወጋሕታ፡- ንዝነበረና ፃኒሒት ኣዝየ ኣመስግን።**

**መምህር ኣማኑኤል፡-** ኣነ ‘ውን ሓሳብ ንምሃብ ስለ ዝዓደምኩምኒ ኣዝየ ኣመስግን።

# ኣብ ዝቕፅል ዓመት ካብ መስኖ ናብ12 ሚለዮን ኩንታል ምህርቲ ንምርካብ ተተሊሙ

ኣብርሃ ሓጎስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ 2017 ዓ.ም ካብ መስኖ 130 ኩንታል ካብ ሄክታር ብምርካብ ናብ ከባቢ 12 ሚለየን ኩነታል ምህርቲ ንምርካብ ከም ዘተተለመን መድረኻት ምልዕዓል መስኖ ከም ዝተጀመረን ኣብ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ መተሓባበሪ ዘፈር ዝራእቲን ሆርቲ ካልቸርን ምክትል ቢሮ ሓላፍን ኣይተ ኣበራ ከደነው ገሊፆም።

ኣይተ ኣበራ ከደነው ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝገለፅዎ፤ ኣብ 2016 ዓ.ም ምስ መፍራይነት ተተሓሒዙ ብማእኸላይ ውፅኢት ካብ ሓደ ሄክታር ናብ 106 ኩንታል ብምርካብ ብድምር ናብ 9ሚልየን ኩነታል ተረኺቡ ነይሩ። ዝቕፅል ዓመት ድማ ናብ 130 ኩንታል ካብ ሄክታር ብምርካብ

ናብ ከባቢ 12 ሚለየን ኩነታል ምህርቲ ንምርካብ ተተሊሙ እናተሰርሐ ‘ዩ።

እቲ ቢሮ ነዚ ትልሚ ንምዕዋት 150 ሽሕ ኩንታል መዳበርያ፣ ልዕሊ 15 ሽሕ ምሩፅ ዘርኢ ንምጥቃም ይዳለው ከምዘሎ ዝሓበሩ ኣይተ ኣበራ፤ ብተወሳኺ ናይ ክልልን ዞባን ኣመራርሓታትን ህዘቢን ዘሳተፈ ካብ ናይ ዓሚ ስራሕቲ መስኖ ብዝሐሸ መልክዑ ብዝተዋደደ ንምስራሕ ናይ ሓባር ምርድዳእ ንምፍጣር ዝዓለመ መድረኽ ምልዕዓል መስኖ ክካየድ ከምዝጅመረ ተዛሪቦም።

ኣብ 2016 ዓ.ም ኣብ ዝተፍላለዩ ከባቢታት ትግራይ ብዝነበረ ድርቂ ተተሓሒዙ ካብ ክረምታዊ ሕርሻ ክረከብ ካብ ዝተተለመ 15 ሚልየን ፍርያት ናብ 5ሚልየን ብምትሓቱ ምኽንያት ነዚ ንምክሕሓስ ኣብ ስራሕቲ መስኖ ኣብ ዝተገብረ ርብርብ ብኣንፃር እቲ ዝነበረ ድርቂ ዝሓሸ ሸፋን መስኖ ንክህልው ከምዝተገበረ ብምዝኽኻር፤ ኣብ 2017 ዓ.ም ድማ ካብኡ ብዝሐሸ ንምፍፃም ይስራሕ ከምዘሎ ገሊፂም።

ዓሚ ካብ ዝነበረ ፅቡቕ ምንቕስቓስ ስራሕቲ መስኖ ተሞክሮ ብምውሳድ፤ ሎሚ ዓመት ኣብ ትግራይ ፍልይ ዝበለ ሰፊሕ ናይ ማይ ዕድል ዝተረኸበሉ ክረምቲ ‘ውን ስለዝኾነ፤ እዚ ዕድል ብግቡእ ናብ ረብሓ መስኖ ንምውዓል ብእዋኑ ምድላዋት ንክግበር ይስራሕ ከምዘሎ ኣብሪሆም።

እታወታት መስኖ ከም ዘርኢ፣ ዘመናዊ ድኹዕን ፍልሲ ምፍላስን ዝበሉ ካብ ምድላው ጀሚሩ ብፍላይ ኣብዚ ዓመት በዝሒ ውሕጅ ዘሎ ምስ ምዃኑ ናይ ካናላት ምስባርን ምብልሻውን ስለዝህልው ነዚ ንምትዕርራይ ‘ውን ብእዋኑ ናብ ስራሕ እንተዘይኣቲና ብዙሕ ውፂኢታዊ ስራሕ ክንሰርሕ ስለ ዘይንኽእል ቀልጢፍና ናብ ስራሕ ብምእታው ፅቡቕ ዕድላት ክንፈጥር ኣለና ክብሉ ገሊፆም።

ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ምስ ቢሮ ማይ ኢነርጅን ብምትሕብባር ኣብቲ ክልል ዘሎ ሃፍቲ ማይ ብምፅናዕ ዘሎ ማይ ፀንቂቕና ንምጥቃም ኣንፈት ክንኸተል ኣለና ብዝብል ሎሚ ዓመት ብፍሉይ ልዕሊ 13 ኣንፍታት ሒዝና ንንቅሳቐስ ኣለና ‘ውን ክብሉ ወሲኾም ኣብሪሆም።

ናይ ክረምቲ ሓዊሱ ኣብ ዓመት ሰለስተ ግዘ ብመስኖ ንምልማዕ ትልሚ ከምዝተተሓዘ ዝሓበሩ ኣይተ ኣበራ፤ እዚ ንምዕዋት ድማ ብቅልጡፍ ናብ መስኖ ክነኣቲ ስለዘለና ናይ ምድላው ስራሕቲ ቀልጢፉ ንምጅማር ዝዓለመ መድረኻት ምልዕዓል ኣብ መላእ ትግራይ ከምዘተጀመረ ገሊፆም።

## ኣብ ክልላት...

ኣብ ክልል ሲዳማ እናተኻየደ ኣብ ዝነበረ ምዕራፍ ምኽክር ምትእኽኻብ ኣጀንዳታት ወኪላት መዳርግቲ ኣካላት ኣጀንዳታት እቲ ክልል ናብ ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ኣረኪቦም።

ኣብቲ ክልል ንሸውዓተ መዓልትታት ክካየድ ዝቐነየ መድረኽ ምኽክር ምትእኽኻብ ኣጀንዳ ‘ውን ውፅኢታዊ ከምዝነበረን እቲ ኸይዲ ንኽዕወት ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ‘ውን ‘ቶም ዋና ኮሚሽነር ኣመስጊኖም።

ዋና ኮሚሽነር ኮሚሽን ሃገራዊ ዘተ መስፍን ኣርኣያ (ፕ/ር)፣ እናተሰርሑ ዝርከቡን ኣብ ቀፃሊ ክስርሑ ዝተሓሰቡን ተግባራት ብዝምልከት መግለፂ ኣብ ዝሃብሉ ከምዝበለዎ፤ ካብ 21 ግንቦት 2016 ዓ.ም ጀሚሩ ኣብ ክልላትን ምምሕዳር ከተማታትን ኣጀንዳ ናይ ምትእኽኻብ ስራሕቲ እናተወገኑ ከምዝኾኑ ብምግላፅ፤ ኣብ ክልላት ዓፋር፣ ሶማሌ፣ ኦሮሚያ፣ ህዝቢታት ደቡብ ምዕራብ ኢትዮጵያን ደቡብ ኢትዮጵያን ከይዲ ድማ ክሳብ መፋርቕ ወርሒ ጥቅምቲ ንምዝዛም እናተሰር ከምዝኾነ ገሊፆም።

# ቐዳምነት ንጎረቤት ሃገራት ትኹረት...

ኽልቲኦን ሃገራት ጥዑይ ዝኾነ ምትሕብባር ንክሰፍን ልዕልነት ሕጊ ንክረጋገፅን ብምግባር ኢኮኖሚ፣ባህሊ፣ ምትእስሳር ፖለቲካ ኽልቲኦን ሃገራት ንክህሉ ክትሰርሕ ‘ያ። ኾይኑ ግና እዚ ናይ ኢትዮጵያ ድልየት ‘ዩ፤ ናይ ሶማልያ ሰላምን ዲሞክራሲ ብኢትዮጵያ ፃዕርን ጥራሕ ተግባራዊ ክኾን ኣይኽእልን።

ኣብ ሶማልያ ሰላምን ዲሞክራሲን እንተሰፊኑ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ሰላምን ምርግጋዕን ንክሰፍን ኢትዮጵያ ናይ ባዕላ ግደ ንምብርካት ብዘለዋ ዓቕሚ እትሰርሕ እንተኾነ ‘ውን ኣብ ሶማልያ ሰላም ናይ ምስፋን ሓላፍነት እቲ ዋና ህዝቢን ፖለቲከኛታትን ሶማልያ ‘ዮም። በዚ ብተወሳኺ ኣብ ልዕሊ ሶማልያ ፅዕንቶ ምዕራፍ ዝኽእሉ ሓይልታት ወፃኢ ፅዕንተኦም ሰላም ዴሞክራሲ ሶማልያ ንምስፋን ንክኾን ምግባር ትፅቢት ይግበረሎም።

ኣብ ሶማልያ ሰላምን ዲሞክራስን ክሳብ ዘይሰፈነ ንዝተፈላለዩ ሓደጋታት ምቕላዕና ኣይተርፍን ዝብል እቲ ፖሊሲ ስትራቴጂክ፤ ስለዝኾነ ድማ ካብ ሶማልያ ዝፍለፍል ናይ ኣኽረርትን ራዕዳውያንን ዝተፈላለዩ ፀረ ሰላም ሓይልታት መጥቃዕቲ ንምክልኻልን ንምምኻን ዘኽእል ብቅዓት ንምፍጣር ይግባእ። በዚ መንፅር ኹልግዜ ኣብተጠንቀቕ ኾይንካ ምፅናሕ ከምዝግባእ እቲ ሰነድ ይጠቅስ።

ኢትዮጵያ ምስ ሶማሊላንድ በሪ ባሕሪ ዘርከበላ ስምምዕነት ድሕሪ ምፍርራማ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሶማሊያን ዘሎ ርክብ ከምዝሓርፈፈ ይፍለጥ። ኣብዚ ሰሙን ቀርኒ ኣፍሪካ ብዝምልከት ሚኒስትር ጉዳይ ወፃኢ ኣምባሳደር ታዬ ኣፅቀስላሴ ከምዝገለፅዎ፤ ኣብ ኢትዮጵያ ርክብ ወፃኢ ፖሊሲ ዋና መሰረቱን መጠንጠኒኡን ምስ ጎረቤት ሃገራት ዘሎ ርክብ ‘ዩ። ኢትዮጵያ ንጎረቤት ሃገር ቀዳምነት ‘ያ ትህብ። ትኹረት ፖሊሲ ወፃኢ ድማ እዚ ‘ዩ። ምስ ጎረቤት ሃገራት ምትእስሳር ምጥንኻር ዋና ዕላምኡ ‘ዩ። ኢትዮጵያ ምስ ጎረቤት ሃገር ጎንፂ ቅድሚ ምፍጣሩ ስራሕ ምክልኻል ትኹረት ሂባ ትሰርሕ ‘ያ።


ኢትዮጵያ ንጎረቤት ሃገራት ቀዳምነት ትህብ እንትባሃል ብዋናነት ርክብ ምጥንኻር ከምዝኾነ ዘልዓሉ እቶም ኣምባሳደር ፤ዘይምርድዳእ ብዘተ ምፍታሕ ትኹረት ዝዋሃበሉ ጉዳይ ‘ዩ። ድልየት ኢትዮጵያ ኹሉ ፍልልይ ብሰለማዊ መንገዲ ምፍታሕ ‘ዩ። ፖሊሲ ወፃኢ ዝድግፎ ‘ውን ነዚ ‘ዩ። ጎንፂ ዘላቒ ሰላም ኣየምፅእን። ጎንፂ ኣብ መወዳእታ ዝፍታሕ ብዘተ ‘ዩ። ምስ ሶማልያ ሰናይን ፅቡቕን ብዘይኾኑ መንገዲ ክግለፁ ዝኽእሉ ብዙሓት ታሪኻዊ ርክባት ኣለዉ። ጎንፅታት ብቀዳማዊ ሃይለስላሴን ደርግን ብኹናት ዝተገለፁ ‘ዮም።

ከም ገለፃ እቶም ኣምባሳደር፤ ሶማሊያ ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓ ካብ 1991 ክሳብ 2005 መንግስቲ ዘለዎ ሃገር ኾይኑ ጠጠው ክብል ኣይካኣለን። መጀመርያ ብኢጋድ ብምቕፃል ብሶማሌ ሕብረት ኣፍሪካ ናይ ሰላም ምኽባር ተልእኾ (ኣሚሶም) ኣፍሪካ ሕብረት ስግግር ተልእኾ (ኣትሚስ) ሰላም ሶማልያ ንምርግጋፅ ብዙሕ ስራሕ ሰሪሖም ‘ዮም። ከምኡ ‘ውን ካብ ጥሪ 2025 ጀሚሩ ድማ ብሓድሽ መልክዑ ናይ ሶማልያ ሰላምን ድሕንነትን ንምርግጋፅ ፃዕሪ ክግበር ‘ዩ። ኣብዚኦም ብዙሓት ከይድታት ሚና ግደ ኢትዮጵያ ዓብይ ‘ዩ። ዝነበራ ግደ ብመስዋእትነት ጥራሕ እንተይኾነስ ብሓሳብ ‘ውን ዝግለፅ ‘ዩ።

ናይ ሶማልያ ሕንፍሽፍሽን ሰላም ዘይምዃንን ንኢትዮጵያ ዝተርፍ ብምዃኑ ኢትዮጵያ ብዙሕ ግደ ነይርዋ ‘ዩ። ሶማልያ ዘጋጠማ ውዕሊ ዘለዎ መንግስቲ ምስኣን ጥራሕ እንተይኾነስ ብፀረ ራዕዳውያን ሓይሊ ምንጋዕ ‘ውን ‘ዩ። ፀረ ሓይሊ ራዕዲ ድማ ካብ ኸባቢ ብዝሓለፈ ዓለምለኸ ምትእስሳር ‘ዩ ዘለዎ። ነዚ ንምውጋእ ኢትዮጵያ ንብዙሕ ዓመታት ተቃሊሳ ‘ያ። ጎረቤታ ሰላም ንክኾኑ ብምግባር ኣሪኣ ‘ያ። ኢትዮጵያ ናይ መወዳእታ ዕላማ ሰላም ብምዃኑ ንሰላም ዝተዓፀወ በርታት ኣንኳሒኩሕና ክንኸፍት ኢና።

# መገዲታት መፍትሒ ጎንፂ

ኣብርሃ ሓጎስ



**ሓተታ- ዜና**

ኣብ ኢትዮጵያ ዘላቒ ሰላም ንከይረጋገፅ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት በቢእዋኑ ጎንፅታት እናተልዓሉ ፀኒሖም ‘ዮም። እዚ ሐዚ ‘ውን መብቅዒ ዘይተረኸቦ ጉዳይ ብምዃኑ ዘላቒ መፍትሒታት የድልዮ ‘ዩ። ንምዃኑ በቢእዋኑ ኣብዛ ሃገር ንዝለዓሉ ጎንፅታት መበገሲኦም እንታይ ‘ዩ? በኸመይ ኸ ደው ምባል ይከኣል ይኸውን?

በዓል ዋና ሚድያ ንጉሳት ኣባይን ኣብ ጉዳይ ኣባይ ናይ ኢትዮጵያ ተሚጋቲ ዑስታዝ ጀማል በሽር፣ ብዙሕ ግዜ ኣብ እዋን ጎንፂ ህፃናት ግዳይ ናይቲ ጎነፂ ‘ዮም ይብሉ። ዕሸላት ህፃናት ንቀፃላይ ሰላማዊ ሂይወት ቁልፊ ግደ ዘለዎም ብሙኳኖም ሕድ ሕድ ቆለዓ ዕድል ትምህርቲ ንክህልዎ ምርግጋፅ ግቡእነት ሞራል ጥራሕ ዘይኮነስ ሜላ መንገዲ መፍትሒ ጎንፂ ‘ዩ ይብሉ። ኣብ ብዙሓት ዝተረጋግኣ ሃገራት ትምህርቲ ሕጋዊ መስፈርቲ እንትኾን ወለዲ ንደቆም ናብ ቤት ትምህርቲ ምልኣኽ እንተስኢኖም መንግስታት ኣብ ሞንጎ የኣትው ‘ዮም። ኢትዮጵያም ‘ውን ብተመሳሳሊ ስጉምቲ እንተወሲዳ ጎንፂ ንምቅናስ ይሕግዛ ‘ዩ ክብሉ የረድኡ።

ሕድሕድ ህፃን ንድፊ ሓሳብ ፍለጠት ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ሰላም፣ መክእኣልን ሓቢረካ ናይ ምንባር ፀጋታትን ዘምህር ትምህርቲ ንክረክብ ምግባር ይግባእ ዝብሉ ዑስታዝ ጀማል፤ ኩሎም ህፃናት ትምህርቲ ንክምሃሩ ብምግባር መንግስቲ ጎንፅታት ብህወከት ካብ ምፍታሕ ብዘተ ንምፍታሕ ዝሐሸ ብቅዓት ዘለዎ ወልዶ ንምፍራይ ክምዘኽእሎ ኣመላኺቶም። እዚ ኣከያይዳ ዝተምሃረ ህዝቢ ብምፍራይ ዘላቅን ሰላማዊ ብዝኾነ መንገዲ ንዕብየት እታ ሃገር ናይ ባዕሉ ግደ ንምብርካት ተወሳኺ ረብሓ ኣለዎ ይብሉ።

ኣብ ኢትዮጵያ ዘላቒ ሰላም ንከይረጋገፅ ኣብ ብዝሕ ዝበሉ ከባቢታት ብቢእዋኑ ጎንፅታት ይለዓሉ ‘ዮም። መበገሲ ናይዞም ጎንፅታት እንታይ ‘ዩ ንዝብል ሕቶ መብራህርሂ እንትህቡ ከምዝበለዎ፤ ናይ ኩሎም ጎንፅታት ምኽንያት ንነገራት ዘለዎ ክፍተት ምርዳእ ‘ዩ። ብሃይማኖት፣ ብኣካዳሚክ፣ ብዛዕባ ምትእትታው ወይ ሓቢርካ ብምንባር ኣብዘሎ ጉዳይን ካልኦት ምስፍልጠታት ዝተተሓሓዙ ዘለው ጉዳያት ዝፀቡሎም ኣከያይዳ ምድላይ ወሳኒ ‘ዩ። ኣብዚ እነተዘይተሰሪሑ ግና ጎንፅታት እናየበዝሑ ከኸዱ ይኽእሉ ‘ዮም ዝብል ሓሳብ ኣለዎም።

ካበዚ ወፃኢ ኾነ ተባሂሉ ጎንፅታት ዘበኣእሱን ጎንፂ ባዕሉ ዘምፅኡ ኣካላት ምህላዎም ዘልዕሉ ዑስታዝ ጀማል፤ ሓደሓደ ብዘተፈላለዩ ምኽንያታት መበገሲ እናገበሩ እንተኾኑ፤ ሓሳቦም ድማ ስልጣን ብምድላይ ሓፂር መንገዲ ንምጥቃም ክብሉ ኵናት ኣማራፂ ይገብሩ ኢሎም።

ከምዚኦም ዝበሉ ኣካላት ዋና ዓላምኦም ስልጣን ምድላይ እንተኾውን፤ ብዕስለ ዝኽተልዎም ኣካላት ክምዝደለዩ ኣለዉሎም። ነዞም ኣካላት ‘ውን በብዙሕ መልከዕ የለዓዕልዎም። ካብዚ ውሽጢ እቲ ሓደ ድማ ምስ ታሪኽ ዝተሓሓዙ ዝተሰሓሓቱ ትርኽትታት እንትኾኑ፤ ናይ ቀደም ትርኽትታት ብምልዓል ቁስሎም ብምንኽኻእ ናይ ቀደም ዕዳ ሐዚ ንዘሎ ሕብረተሰብ ብምፅዓን ንጎንፂ ንክለዓዓሉ ይገብሩ ‘ዮም ይብሉ። ነዚ ዝጥቀሙሉ ብልሓት ብሄር መበገሲ ዝገበረ ተንኳሲ ሓሳብ ክምዝኾነ የብርሁ።

ምስ ስልጣን ተተሓሒዙ ‘ውን ፅልኢ ብምፅሓር ወይ ብጎንፅን ኵናትን እንተዘይኮይኑ ስልጣን ብሕጋዊ መንገዲ ምርካብ ክምዘይኽእሉ መንገዱ ዝተፀወ ብሙኳኑን ሰባት ከምዘየእምኑ ሓቢሮም። ብመረፃ ይኹን ብሕጋዊ መንገዲ ስልጣን ንምትሓዝ ዓቅሚ ከምዘይብሎም ዝኣምኑ ሓደሓደ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ውግእ ብምኽፋት ብዝተፈላለዩ ከባቢታት ጎነፂ ብምፍጣር ኢትዮጵያ ኣብ ፀገም ውሽጢ ክምዘላ ኣምሲሎም ብምረኣይ ንኻልኦት ናብ ጎንፂ ንክኣትው ናይ ኩሉ ግዘ ስርሖም ገይሮም ከምዝንቀሳቕሱ የረድኡ።

ሓደሓደ ብምፍላጥ ካልኦቶም ድማ ብዘይምፍላጥ ናብ ጎንፂ ዝኣትው ከምዘለው ዝዛረቡ ዑስታዝ ጀማል፤ ክልቲኦም ንምክልኻል ክፍተት ፍልጠት ንምምላእ ልዑል ስራሕ ከምዘድሊ ይገልፁ። በዚ ኣንፃር ስርዓት ትምህርቲ እታ ሃገር ሓዊሱ ምፍታሽ ከምዝግባእ ኣልዒሎም።

ስርዓት እቲ ትምህርቲ ብኹሉ ከባቢታት ተበፃሒ ምኳኑ ‘ውን ምምርማር ኣገዳሲ ‘ዩ ይብሉ። ትምህርቲ ዘይምሃሩ ህፃናት ፎትዮም ኾነ ከይፈተው ናብ ማእዲ ትምህርቲ ምእታው ከምዝግባእ ምሕሳብ ኣድላይ ‘ዩ። ነዚ ድማ መንግስትን ህዝብን ብሓባር ክሰርሑ ከምዘለዎም መኺሮም።

ዑስታዝ ጀማል ከምዝብለዎ፤ ጎንፂ ዘሰጉሙን ዘብኣእሱን ኣካላት ንታሪኽ ሓዊሱ ዝጥቀሙሎም መሳርሒታት ዝረእዩሉ ኩነታት ብደንቢ ከስተኻኽሉ ምግባር ይግባእ። ነዚ ‘ውን ሰገናት ካብ ንኡስ ዕድሚኦም ጀሚሩ ዝቅረፅሉ ኸይዲ ትምህርቲ ዕሙቕ ብዝበለ ፅነዓት ክዳለው ያግባእ። ካብዚ ጎና ጎኒ መናእሰይ ምስልጣንን ምምሃርን ዝከኣልሉ ኩንታት ምምችቻው ይግባእ። ብሓፈሻ ዝተፈላለዩ ትምህርትታት ነቲ ሕብረተሰብ ተበፃሒ ብዝገበረ መልክዕ ክዳለው ኣለዎም። ነዚ ድማ መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ሰባትን ወሳኒ ግደ ክፃወቱ ኣለዎም ‘ዮም ይብሉ።

ኣብ ኸይዲ ኣፈታትሓ ጎንፂ ዘትኾሩ ትምህርትታት እቲ ሕብረተሰብ ዝረኽበሉ መንገዲ ምሕሳብ ‘ውን ትፅቢት ዝግብሮ ስራሕ ከምዝኾነ ኣልዒሎም። ብፍላይ ብረት ኣልዒሎም ዝንቀሳቐሱን ጎንፂ ዝቅስቕሱን ኣብዝሓ ካብ ከተማ ውፅእ ኣብ ዝበሉ ከባቢታት ከምምዃኖም ኣብዚ ከባቢታት ኣብ ኹሉ ብርኪ ንዘሎ ክፋል ሕብረተሰብ ምስ ሰላም ዝተተሓሓዘ ትምህርትታት ክባፅሑ ይግባእ ኢሎም። ገበርቲ ሰናይ ሓዊሱ ኣብዚ ዙሪያ ዝሰርሑ ኣካላት ‘ውን እናተሰማረዩ ሕብረተሰብ ናይ ምንቓሕ ስራሕ ክሰርሑ ምግባር ቅልጡፍ መፍትሒ ምዃኑ ሓቢሮም።

ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ሃይማኖት ወገን ዘለው ኣካላት ድማ እቲ ዝወሃቦም ትምህርቲ ክዕዘብዎ ኣልዎም ክብሉ ተዛሪቦም። ሓደ ሓደ ግዘ መበገሲ ጎነፂ ሃይማኖታት ምዃኖም ብምሕባር፤ ምስ መማህራን ሃይማኖት ብምዃን ዝተፈለየ ርክብ ብምግባር ኣብ ጉዳይ ሰላም ዘለዎም ኣረኣእያ ንክሪእዎ ምግባር ወሳኒ ምዃኑ ይገልፁ። በዚ ‘ውን ሰብከታት ፅልኢት ደው ንከብሉን ነዚ ዝግምግም ኣካይዳ በቢትካሉ ንክርኣይ ኣንፍት ዝቕመጠሉ ኩነታት ክህልው ከምዘለዎ ኣመላኺቶም።

ካብዚ ብተወሳኺ ጎነፂ በዘላቂነት ደው ንምባል ስራሕቲ ምኽባር ሕጊ ግልፅነት ብዝተመልኦ ኣካይዳታት ክፍፀሙ ከምዘለዎም ዑስታዝ ጃማል ይገልፁ። ኸይዲ ሕጊ ምኽባር ዓቕሚ ዝፈታተን ከይኸውን ብትምህርቲ ክሕገዝ ኣለዎ። ኣብ ኩሉ ጥፍኣታት ዘጥፍእ ተሓታቲ ክኸውን ኣለዎ ዝብሉ ዑስታዝ ጀማል፤ ካብዚ ውሽጢ ድማ ሓደ መንግስቲ ምኳኑ ይሕብሩ።

መንግስቲ ሕጊ ብምውፃእ፣ ብምኽባርን ነቲ ሕብረተሰብ ብግቡእ ብምርዳእ ሓላፊነቱ ክዋፃእ ይግባእ። ንእሽተይ ይኹን ዓብዪ ወንጀል እንትስራሕ እቲ ሕብረተሰብ ንክፈልጥን እቲ ዝተሰርሐ ወንጀል ‘ውን ዝምጥን ፍርዲ ምውሃቡ ዘፍልጡሉ ኩነታት ብሰፊሑ ምስራሕ ከምዘለዎም ‘ዮም የብርሁ።

ኣካቢ ናይ ሓባር ቤት ምኽሪ ፓርቲታት ፖለቲካ ኢትዮጵያ ኣይተ ደስታ ዲንቃ ብወገኖም፤ ኣብ ኢትዮጵያ ሰላም ንክሰፍን እቲ ቁልፉ ጉዳይ ለዓላውነት ሕጊ ምኽባር ‘ዩ ይብሉ። ለዓላውነት ሕጊ እንትኽበር ካብ ዜጋታት ጀምሩ ክሳብ ኣካላት መንግስቲ ዘለው ኩሉም ኣካላት ትሕቲ ሕጊ ሙኳኖም ክረጋገፅ ከሎ ምኳኑ ይሕብሩ።

ሕጊ ድማ ኣብ ሞንጎ ዜጋታት፣ ኣብ ሞንጎ መንግስትን ዜጋታትን ዘሎ ርክብ ዝገዝእ፣ ከምኡ ‘ውን ኣብ ከባቢ ትካላት መንግስቲ ዘለው ርክባት ዝገዝእ ሕገ መንግስታዊን ካልኦት ሕግታትን ምኽባር ዘካተተ ‘ዩ ክብሉ ይገልፁ። በዚ ኣግባብ ኣብዛ ሃገር ዝግበር ርክብ ብሙሉኡ ብሕጊ ኣግባብ ክኸውን ከምዝግባእ ኣመላኺቶም።

ኩሉ ናይ ሕጊ ተገዛኢ እንትኾን መብትን ግዴትኡን ይፈልጥ። ንሓንቲ ሃገር ምዕባለ፣ ንሰላምን ምርግጋዕን፣ ንርክባት ምስትኽኻልን ሰላማዊ ምዃንን ለዓላውንት ሕጊ ወሳኒ ጉዳይ ‘ዩ ኢሎም።

ካብዚ ብተወሳኺ ኣድላይነት ሰላም ብኹሉ ወገን ክርኣይ ከምዘለዎን እዚ ድማ ምክብባር መሠረት ዝገበረ ክኸውን ከምዘለዎ ኣልዒሎም። ንኣብነት ብፍላይ ውድባት ፖለቲካ ዝገብርዎም ውድድራት ኣብ ምትሐብባር ዘተኮረ ንሕንሕ ምግባር ከምዘለዎም ይመኽሩ። ዘመናዊ ናይ ዴሞክራሲ መርህታት ምኽባር፣ መሰል ሰብኣዊ ሕግታት ንምኽባር መስራሕ ከምዘለዎም ብምሕባር፤ እዚ እንትኾን ድማ ጎንፅታት ይቕንሱ፤ ሰላም ይሰፍን ብምባል ይዛረቡ።

ዑስታዝ ጀማል፤ ኣብ ማሕበራዊ ርክባት ሓባራዊነት ዘማዕብሉ ጉዳያት ተሸርሺሮም እናጠፍኡ እንተኸይዶም ንኣበኣኣስቲ ጎንፂ ምቹው ኩነታት ዝፈጥሩ ይኾኑ ‘ዮም። በዚ ‘ውን እቲ ነባር ርክባት ዓርሱ ብዓርሱ ዘርእዩ ክብርታት ብምሕያል ካሊእ ጎንፂ ደው መበሊ መንገዲ ክምዝኾነ ብምሕባር ፤ ኢትዮጵያውያን ዘማዕበልዎ ሓቢርካ ናይ ምንባር ፣ ናይ ምትሕስሳብ ፣ ናይ ምክብባርን ምትሕግጋዝን ፀጋታት ብግቡእ ክጥቀሙሎምን ክዕቅብዎምን ከምዝግባእ መኺሮም። ነዚ ድማ እቲ ሕብረተሰብ ይኹን መንግስቲ ነቲ ህዝቢ ብዝበለፀ ከራኽቡ ዝኽእሉ ኩነታት ምፍጣር ከምዘለዎ ኣረዲኦም። እቶም ዝስርሑ ስራሕቲ ልምዓታት ማሕበራዊነት ብዝቕይሩ መንገዲ ክኾኑ የብሎምን ክብሉ ሓሳቦም ይዛዝሙ።

# ክልተ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚልዮን ተምሃራይ ናብ ማኣዲ ትምህርቲ ክኸትት ትፅቢት ይግበር

መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ መላእ ትግራይ ክልተ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚልዮን ተምሃራይ ናብ ማኣዲ ትምህርቲ ክኸትት ትፅቢት ከምዝግበር ቢሮ ትክህርቲ ክልል ትግራይ ገሊፁ፡፡

ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ንኣፈፃፅማ መደባት ትምህርቲ 2016 ዓ.ም መበገሲ ብምግባር ንምዝገባ ተምሃሮን ምጅማር ትምህርቲ 2017 ዓ.ምን መሰረት ገይሩ 27 ነሓሰ 2016 ዓ.ም መግለፂ ሂቡ።

ሓላፊ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ዶ/ር ኪሮስ ጉዕሽ ንመራኸብቲ ሓፋሽ እቲ ክልል ኣብ ዝሃብዎ መግለፂ ከምዝሓበርዎ፤ ድሕሪ ውዕሊ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶርያ ብግዝያዊ መንግስቲ ኣብ ዝመሓደሩ ከባብታት ብፕሮግራም ምክሕሓስ ኣቢሉ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 2015 ዓ.ም ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክጅመር ተገይሩ ‘ዩ፡፡


ኣብ መላእ ትግራይ ዘበነ ትምህርቲ 2017 ዓ.ም ካብ 27 ነሓሰ 2016 ዓ.ም ኣትሒዙ ምዝገባ ተምሃሮ ከምዝተጀመረ ብምግላፅ፤ ኣብ 2017 ዓ.ም ኣብ መላእ ትግራይ ክልተ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚልዮን ተምሃራይ ናብ ማኣዲ ትምህርቲ ክኸትት ትፅቢት ከምዝግበር ገሊፆም።

ክሳብ ሐዚ ኣብ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትምህርቲ ትግራይ ኣስተዋፅኦ ዝገበሩ ዝተፈላለዩ ገበርቲ ሰናይ ትካላትን ሰብ ሃፍትን ሓገዞም ኣጠናኺሮም ክቕፅሉ ብምፅዋዕ፤ በቢደረጅኡ ዘሎ ኣመራርሓ፣ መምህር ይኹን መላእ ማሕበረሰብ ትግራይ ኩሉ ተማሃራይን ናብ ማኣዲ ትምህርቲ ንምኽታት ክረባረብ ይግባእ ክብሉ ዶ/ር ኪሮስ ተላብዮም።

ብሰንኪ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኩናት ትካላት ትምህርቲ፣ ኣብ ስርዓተ ትምህርትን ካልኦትን ዝበፅሐ ኩለ መዳያዊ ዕንወትን ማሕሰይትን ብምፅዋር ንስነ ልቦናዊ ሕውየት ዝሕግዙ ስልጠናታት ብምሃብ ነቲ ክሳብ ኣብ ትሕቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ዘየለዉ ከባቢታት ሓዊሱ ኣብ መላእ ትግራይ ክልተ ነጥቢ ኣርባዕተ ሚልዮን ተምሃራይ ንምምዝጋብ ተተሊሙ ነይሩ ‘ዩ ኢሎም።

እዚ ከምዚ እናሃለወ ኣብ 2017 ዓ.ም ‘ውን ከም ትግራይ ነቶም ክሳብ ሐዚ ዘይተፈትሑ ፀገማት ብምፅዋር ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ካብ ምቕፃል ወፃኢ ካልእ ኣማራፂ የብልናን ክብሉ ብምግላፅ፤ ካብዚ ብምብጋስ ምስ ሕውየትን ምልማዕ ሓይሊ ሰብን ተዛሚዱ ሞያዊ ዓቕሚ መምህራን ንምዕባይ ሰፋሕቲ ስልጠናታት ከምዝዋሃብ ገሊፆም።

ንዝጎደለ ሓይሊ ሰብ ካብ ምምላእ ጀሚሩ ምስ ዝውውር፣ ዕብየትን ጥቕማ ጥቕምን ብኣውርኡ ድማ ነቲ ዘይተኸፍለ ናይ 17 ኣዋርሕ መሃያ መምህራን ንምምላስ ኣብ 2017 ዓ.ም ትኹረት ገይርካ ከምዝስራሕ ገሊፆም።



ዶ/ር ኪሮስ ጉዕሽ



# ስፖርት





## ባዓልቲ ዋና ክብረወሰን ፓራሊምፒክ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣብ ፓሪስ 2024 ፓራሊምፒክ ፀወታታት ኢትዮጵያውያን ደሚቕ ታሪኽ ፂሒፎም ‘ዮም፡፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳም ኣትሌት ትእግስት ገዛሀን ኣብ ፓራሊምፒክ ዓይነስውር ጭላንጭል ምድብ (T 13) 1500 ሜትሮ ውድድር 4፡22፡39 ብምዝዛም ንኻልኣይ ግዜ ሜዳልያ ወርቂ ከምዘመዝገበት ዝዝከር ‘ዩ፡፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰኒ ድማ ኣትሌት ያየሽ ጌቴ ንኢትዮጵያ ካልኣይ ሜዳልያ ወርቂ ክብረ ወሰን ዓለም ብምስባር ተዓዊቲት ኾይና ‘ያ፡፡

ኣትሌት ያየሽ ጌቴ ኣብ ፓራሊምፒክ ውድድር ምስ ሓቢሩዋ ዝጎይ ክንዱ ሲሳይ ብምኧን ብ1500 ሜትሮ ብዓይነስውራን ሙሉእ ብሙሉእ( T 11) ውድድር ተዓዊቲት ብምኧን ደሚቕ ታሪኽ ፅሒፋ ‘ያ፡፡ እታ ኣትሌት ኣብቲ ውድድር ወርቂ ካብ ምውሳድ ብተወሳኺ ቅድም ኢሉ ብናታ ተዳሒዙ ዝነበረ ናይቲ ርሕቕት ክብረወሰን ዓለም ምምሕያሻ ተወሳኺ ታሪኽ ኾይኑ ‘ዩ፡፡ እዚ ድማ ኣብ ፓራሊምፒክ ካብ ትዕግስቲ ገዛሀኝ ብምቕፃል ንኢትዮጵያ ካልኣይ ሜዳልያ ወርቂ ዘበርከተት ኾይና ኣብ ማህደር ታሪኽ ንክትቕመጥ ገይርዋ ‘ዩ፡፡ እዛ ኣትሌት ተዓዊቲት ንክትኾን እቲ ርሕቕት ንምዝዛም ዝወደእላ 4፡27፡68 ብናታ ተዳሒዙ ዝነበረ ናይ ዓለም ክብረወሰን ብኣርባዕተ ሰከንድ ምምሕያሽ ዝኻኣለት እንትኾን፤ ኣብ 2024 ጃፓን ኮቤ ናይ ዓለም ፓራሊምፒክ ኣትሌቲክስ ሻምፒዮና ብ1500 ሜትሮ ዓይነስውራን ሙሉእ ብሙሉእ ምድብ ውድድር ገይራ 4፡31፡77 ብምጉያይ ናይቲ ርሕቕት ክብረወሰን ዓለም ብምስባር ተዓዊቲት ከምዝነበረት ዝዝከር ‘ዩ፡፡

ኣብ ቀረባ ዓመታት ኣብ ኢትዮጵያ ፓራሊምፒክ ምንቅስቃሰ ውሽጢ ብዝድነቕ ውፅኢት እናታዓጀቡ ካብ ዝርከቡ ኣትሌታት እታ ሓንቲ ያየሽ ጌቴ ‘ያ፡፡ ኣትሌት ያየሽ ኣብ ዞባ ደቡብ ጎንደር ደብረታቦር ዝተወለደት እንትትኾን ዕድሜኣ 27 ‘ዩ፡፡ ኣብ ዝተወለደትሉ ስፍራ ኣብ ቤት ትምህርቲ ‘ያ ነይራ ጉያ ዝጀመረት፡፡ ከተማ ደብረታቦር ኣብ ትሕቲ ናይ ፓራሊምፒክ ኣትሌቲክስ ፕሮጀክት ስልጠና ብምውሳድ ካብ እትጅምር ዓመታት ተቖፂሮም ‘ዮም፡፡

ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ፓራሊምፒክ ሻምፒዮና ውፅኢታዊ ምኧና ስዒቡ ብብሄራዊ ጉጅለ ናይ ምሕቋፍ ዕድል ዝረኸበት ያየሽ፤ ናይ መጀመርያ ዓለምለኸ ውድድራ ዝገበረት ብ2020 ኣብ ቱኒዝ ‘ዩ ነይሩ፡፡ በዚ ድማ ብ200 ሜትሮ ን 400 ሜትሮ ጥምር ሜዳልያ ወርቂ ተረኪባ ‘ያ፡፡ ብ400 ሜትሮ ናይ ቶኪዮ 2020 ፓራሊምፒክ ሚኒማ ብምምላእ በቲ ጉጅለ ዉሽጢ ተኸታታሊ ስልጠና ውሽጢ እናወሰደት እንተነበረት እንተኾነ ‘ውን ዓለምለኸ ፓራሊምፒክ ኮሚቴ ንደቂ ኣንስትዮ ብዝሃቦ ሓደ ናይ ተሳትፎ ኮታ ኣትሌት ያየሽ ወርቂ ምስ ዝረኸበት ኣትሌት ትእግስት ገዛሀኝ ተወዳዲራ ብትዕግስቲ ስለዝተበለፀት ናይ ፓራሊምፒክ ፀወታታት ናይ ምስታፍ ዕድላ ከይተሳኸዐላ ተሪፉ ‘ዩ፡፡

ኣብ ፓራሊምፒክ ናይ ምስታፍ ሕልማ ተግባራዊ ንምግባር ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ምስኣ ምስ ዝጎይ ክንዱ ሲሳይ ብምኧን ናብ ማእኸላይ ርሕቕት ፊልዳ ብምቕያር በርቲዓ ሰሪሓ ‘ያ፡፡

ኣብዚ ዓመት ኣብ ዱባይ ብዓይነ ስውራን ምሉእ ብሙሉእ ምድብ 1500 ሜትሮ ውድድር ሜዳልያ ወሪቂ ተዓዊቲት እንትትኾን ንዓለም ሻምፕዮና ዘሳትፉ ሰዓት ‘ውን ክተመዝግብ ክኢላ ‘ያ፡፡ ኣብ 2024 ጃፓን ኮቤ ናይ ዓለም ፓራሊምፒክ ኣትሌቲክስ ሻምፒዮና ብ1500 ሜትሮ ዓይነስውራን ሙሉእ ብሙሉእ ምድብ ውድድር ብምግባር 4፡31፡77 ብምጉያይ ናይቲ ርሕቕት ናይ ዓለም ሪከርድ ብምስባር ሜዳልያ ወርቂ ተዓዊቲት ኾይና ‘ያ፡፡

ኣትሌት የየሽ ጌቴ ናይ መጀመርያ ናይ ፓራሊምፒክ ተሳትፊኣ ውድድር መፃረይ ቀዳማይቲ ኾና ዛዚማ ‘ያ፡፡ ንሰዓርነት ቅድምያ ዝተውሃቦም ናይ ቶኪዮ 2020 ናይቲ ርሕቕት ባዓልቲ ዋና ወርቂ ሜዳልያ ሜክሲካዊት ሮድሪጌዝ ሳቬድራ ን ኣብ ቶኪዮ ሜዳልያ ብሩር ከምኡ ‘ውን ናይ ኮቤ ዓለም ሻምፕዮና ባዓል ዋና ናሓስ ዝኾነት ደቡብ ኣፍሪካዊት ኮኢትዚ ሎዛኒ ሓዊሱ ብምስዓር ክብረወሰን ዓለም ናይ ውልቀኣ ብምግባር ዘመን ተሳጋሪ ታሪኽ ንምስራሕ በፂሓ ‘ያ፡፡




## ብተፈጥሮዊ ፅባቀ ዝተዓጀበ ባህላዊ ፀወታ ኣውርስ

**ኣብርሃ ሓጎስ**



ኣብ ሃገርና ብዙሓት ድሙቃት ሃይማኖታውን ባህላውን በዓላት ዝንፀባረቑ እንትኸውን ካብኣቶም ካብዚ ወርሒ ነሓሰ ኣብ ዘሎ ሓምላዋይ ኣዝርእቲ ብዕምበባ ኣብ ዝውቅብሉ፣ ኣጥዑትን ገልገላትን ፀጊቦም ኣብ ዝሕምብጡሉ እዋን ዝንፀባረቕ ኮይኑ፤ ምስቶም በዓላት ተተሓሒዙ እቲ ሕብረተሰብ ኣብዚ እዋን ታጓሱ ዝገልፀሉ ዝተፍላልዩ ባህላዊ ፀወታት ዝዝውተረሉ እዋን'ዩ፡፡ ካብዚ ኦም ድማ ኣብ ተምቤን ባህላዊ ፀወታ ኣውርስ ዝደምቀሉ ‘ዩ፡፡

ከም ገለፃ ነጣፋይ ማሕበራዊ ሚድያ “Biwa Hawi Ayinu” ኣብ ተምቤን ባህላዊ ፀወታ ኣውርስን ሕምበጣን ብዓላት ፍልሰታን ናዓስታሊለይን ከም ሓደ ኣባል ስድራ ቤቶም ዝናፍቑዎን ብፍላይ ድማ ምስ ብዙሓት ፅቡቕት ነገራት ሓቢሩ ዝመፅእ ምኧኑ የዕርዮም የስተማቕሩዎ፡፡ ኣብዚ እዋን እዙይ ሓቢሮም ዝዝከሩ ደርፎም፣ እንስሳ በሊዕን ፀጊበን ብዙሕ ፀባ ዝሕለባሉ ምኧነን፣ ናይ እንስሳ ውፅኢት ኣብ ውስን እዋን ዝርከብ ልግዐ ኣብዙ እዋንዚ ዝርከብ ምኧኑ፣ ምስ ውሽጣዊ ባህላዊ ዘይቤ ዘለዎ ኣገላልፃ ፍቕሮም፣ ምስ ሸዊት ቀውዒ ወዘተ ሓቢሩ ዝመፅእ ባህላውን ሃይማኖታውን ፀወትኦም ብምኧኑ ብፍሉይ ይናፍቑዎ፡፡

ባህላዊ ፀወታ ኣውርስ ብተንቤኒቶት ዝፅወትን ንኩሉ ክፍሊ ሕብረተሰብ ዘሳትፍን ብፍላይ መናእሰይ እቲ ከባቢ ዘይቕርዩሉ ጉዳይ ኾይኑ፤ ጓዳን ኣስታሊለይን ዝበሃሉ ክፍልታት ዘለዉዎን ከበሮ፣ ጭራ ዋጣ፣ ሸምበቆ፣ ክራርን ካልኦትን መሳርሒታት ሙዚቃ ምስ ጭብጨባ፣ ሕምብጣን ደርፍን ተወሃሂዶም ፍሉይ መቐረት ዘለዎ፤ ሕምበጣ ደቂ ኣንስትዮ በኸንፈረንን ኢደን ናብ መንኮራርዕቲ ብምእታውን ብዘውፅእኦ ድምፂ ዝፍጠር ዝተወሃሃደ (harmonized) ድምፂ ዝዕጀብን ሓደ ክፋል ባህሊ ተንቤኒቶት ‘ዩ፡፡ ኣብዚ ባህላዊ ፀወታ ብፍላይ መናእሰይ እቲ ከባቢ ዘይቕርዩሉ ጉዳይ ምኧኑ ገለ ኣብዚ ባህሊ ኣመለኪቶም ዝፀሓፉ ይገለፁ፡፡

እዚ ባህላዊ ፀወታ ብበዝሒ ዝፀወተሉ እዋን ካብ ቕነ ኣሸንዳ ጀሚሩ ክሳብ በዓል መስቀል ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ዝዘልቕ ፀወታ በቢኸባቢኡ ኣብ ዝተለመዱ መማእኸልቲ ቦታታት ዝፅወት ኮይኑ ብዘይ ናይ ዕድመን ፆታን ኣፈላላይ ኩሉ ዓቕሚ ዘለዎ ኣካል ዘሳትፍን ደርፍታታት ኣውርስ ንኹሉ ጨፋት ዝትንክፍ፣ ብፍላይ ኣብ ሕድሕድ ማሕበረሰባዊ ጉዳያት ዓብዪ ኣስተዋፅኦ ከምዘለዎም፤ ነጣፋይ ማሕበራዊ ሚድያ ዝኾነ ኣይተ ሰመረ ገብሩ ኣብዚ ኣመልኪቱ ኣብ ዝፀሓፎ ይሕብር፡፡

ካብዚ ብተወሳኺ ኣዉርስ ብናይ ኣፀዋዉታ መልክዑ ናይ ቀይሕ ተክሊ፣ ናይ ኣምበራ መጠቓን ደጉዓ ተምቤን እናተባሃለ ከምዝፍለጥን፤ ኣብ ክሊ ኣዉርስ ዘለዉ ተፃወትን ተሳተፍትን ብዝምልከት፣ ተፃወቲ ዘላላይን ሓንባጢትን ኮይኖም ተሳተፍቲ ድማ ጎርዞ ጓይላ (ኣቦ ጓይላ ኣማሓዳሪ ፀዋታ)፣ ሓደ መንጉሒ ወይ መንጉሒት፣ ወቃዒ ከበሮ ተቖበልትን መጣቓዕትን ናይዚኦም ድምር ጥበባዊ ስራሕ ንፀወታ ኣውርስ ፍሉይ ድምቀት ከምዝህበዎ ብስም ተክልሽ ፊያሜታ ዝፍለጥ ነጣፋይ ማሕበራዊ ሚድያ ኣብ ፅሑፉ ይገለፅ።

ከም ገለፃ ተኽልሽ፤ ፀወታ ኣውርስ ሓደ መውረሳይ (ዘላላይ) ነታ ሓምባጢት ፈለማ የጓድዳ፣ ንሳ ድማ እናሓምበጠት ትኾድድ። ኣብዚ ምንሕናሕ ስለዘሎ ንዘይምሽናፍ ተሓላለዮም ሰለል እናበሉ ነቲ ፀዋታ ሰሓባይ ዝገብሩዎ። ሰለስተ ዙር ዝኸውን ምስ ኣኹደዱ እቲ ዘላላይ ሓንሳብ ንየማን ሓንሳብ ንፀጋም እናዘለለ እታ ጓል ኣንስተይቲ ድማ ብኣንፃሩ ንየማን ፀጋም እናበለት ትሕንብጥ። ሰለስተ ዙር ዝኸውን ምስ ኣውረሱ እንደገና ተመሊሶም ይኧደዱ፣ መሊሶም ይዘሉ።

ከምኡ እናበሉ እናቐፀሉ እንዳሃለዉ ሓዲኦም እንተደኺሙዎም ወይ እንተዘይተስማዕሚዖም ወይ ‘ውን ይኣኽሎም ኢሉ ዝኣመነ/ት ተመልካታይ/ቲት ተወረስ/ሲ ኢሉ/ላ ይኣቱ / ትኣቱ። ‘ቶም ዝተወረሱ ተፃወቲ ብዘይ ምንም

**መኣዲ ጥበብ**

ህልክነቶም ንሓደሽቲ ተፃወቲ (ወረስቶም) ሰተት ኢሎም እቲ መድረኽ ገዲፎሙሎም ይወፁ። እዚ ኣብ ልሙድ ኩነታት እንትኸውን ሓልሓሊፉ ኣብ ሰፊሕ መድረኻት ኣብ ፀዋታ ምስ ዝስማዕምዖም እናተፀዋውዑ ክልተ፣ ሰለስተ ፅምዲ እናኾኑ ዝፃወቱሉ ኹነታት ኣሎ።

ኣብ ሓደ ፀዋታ ብዙሕ ዜማታት (ደርፍታት) ይድረፉ ‘ዮም። ሓደ መንጉሒ /መንጉሒት/ ብሓደ ዓይነት ዜማ ይጅምሩ እሞ እቲ ፀዋታ ከይተቐየረን ከይተቛረፀን ድማ ፅንሕ ኢሎም ባዕልቶም ወይ ካልኦት ብካልእ ዓይነት ዜማ ይቕይርዎ። ብኸምዚ እናቐፀሉ ሓደ ሓደ ፀዋታ ነዊሕ እዋን ዝፀንሕሉ ኩነታት ኣሎ። ኣብ ኣውርስ ዝድረፉ ደርፍታት /ስነ-ቃላት/ ዝህልዎም ትሕዝቶ ኣብ ዝኾነ ማሕበራዊ ሓላፍነት /ኩነታት/ ንዘሎ ኣካል ዝነቕፉ ዋላ እንተኾኑ ደራፊኦም ተሓታትነት የብሉን። እዚ ማለት ጎርዞ ጎይላ ዳኛ የብሉን ማለት ‘ዩ።

ባህላዊ ፀወታ ኣውርስ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን ቁጠባውን ዛዕባታት ብዝምልከት እቲ ህዝቢ ንዝፈትዎም ይኹን ንዝፀልኦም ውልቀ ሰባት ይኹን ስርዓት ብኣውርስ እናዋዘየ ናይ ልቡ ‘ዩ ዝገልፅ። ንኣብነት ጀግና ንምውዳስ ከምዚ ኢሉ ደሪፉ ‘ዩ። “ኣሉላ ኣባነጋ ነዓ ተመለስየ፣ ስምካ ተሰሚዓ ሮማ ትሕመስየ”።

ካሊእ ህዝቢ ተምቤን ኣብ ካልኦት ከባቢታት ኣስፋልት መንገዲ እናተሰርሐ ምኧኑ ብዝተፈላለዩ ማዕኸናት ዜና “እንትሰምዕ ንሕና ደኣ እንታይ ገይርና ኢና ኣስፋልት ዘይስራሓልና” ብምባል ህዝቢ ተምቤን ከምዚ ኢሉ ደሪፉ ‘ዩ፤ “ኣርባዕተ እግራ መኪና፣ ፀሊም መንገዲ ስኢና ኣሃይ ላሎ”። ከምኡ ‘ውን ኣብ 1979 ዓ/ም ኣብ ዝተኻየደ መቐሎ መሬት፤ መሬት ዝዕድሉ ዝነበሩ ሰባት ብላዕ ንዝሃበ ፅቡቕ መሬት እንትህቡ ንዘይሃበ ድማ እናዳለዉ ብማዕረ ስለ ዘይረኣይዎ ህዝቢ ከምዚ ኢሉ ደሪፉሎም ነይሩ የ’፤ “ናይ ሎሚ ገማዶ - ልብኻ መንደዶ፣ ሓደ ከይቀረየ - ኣኪብካ ናብ ጎዶ”።

ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ